# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 346 | 12 ነሓሰ 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ሰሉስ


ገጽ 3
ሄሮሺማን ናጋሳኪን

ገጽ 4
ትምህርቲ - ፈውሲ ቃዝ ኣይተን



ገጽ 5
ኣለቃል ሚካኤል - ኣቦ መንግስታት ተወፋይትን

ገጽ 8
ሙዚቃ

ገጽ 11
ኤርትራ ወርቂ መዳልያ ወሲዳ


# ሃኮሰኤ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክባዊ-ዘተ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘተኮረ ስልጠና ኣቃኒዑ

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ምስ ውድብ ሓድነት ሞያዊ ማሕበራት ኣፍሪቃን ጠቕላሊ ሞያዊ ማሕበር ቻይናን ብምትሕብባር፡ ኣብ ምድንፋዕ ክባዊ-ዘተ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘተኮረ ስልጠና፡ ካብ 4 ክሳብ 8 ነሓሰ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈቱ ኣቃኒዑ።

ዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ተኸስተ ባይረ ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ስልጠና ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብመሻርኽቲ ዝተዋህበ ብዓይነቱ ናይ መጀመርታ ዝኾነ ስልጠና ክባዊ-ዘተ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ብምምልካት፡ ሰራሕተኛታት ኣፍልጦኦም ብምዕባይን ንቕሓቶም ብምብራኽን ኣፍራይነቶም ንምዕዛዝ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ከምኡ'ውን ዝምድና ናይ'ተን እቲ ስልጠና ዝወሃበለን ዘሎ ሃገራት ኣብ ምድንፋዕ ዝህልዎ ኣበርክቶ ብቐሊል ከምዘይግመት ገሊጹ።

ምኸትል ዋና ጸሓፊ ውድብ ሓድነት ሞያዊ ማሕበር ኣፍሪቃ ሚስተር ኢማንወል ንዙንዳ ብግደኡ፡ ዕላማ'ቲ ስልጠና መረዳእታ ሰራሕተኛታት ብምስፋሕ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ናይ ምብህሃል ክእለቶም ንምዕባይን ሓሳባቶም ዝገልጹሉን ምቹእ ሃዋህው ንምፍጣርን ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ተሳተፍቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ናብ መሳርሕቶም ከመሓላልፍዎ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ስልጠና ምቹእ ናይ ስራሕ ሃዋህው ኣብ ምፍጣር ዘለዎ ተራ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ቡብደረጃኡ ቀጻልነት ክህልዎ ኣዘኻኺሮም።

እቲ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ሃኮሰኤ - ኣፍልጦን ንቕሓትን ሰራሕተኛታት ክብ ብምባልን መረዳእታ ኣምር ግቡእን መሰልን ብምስራጽን፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ንዘጋጥሙ ግርጭታት ብሰላም ንምፍታሕ ዝህቦ ዘሎ ስልጠናታት ከምዝኾነ፡ ካብ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።



ስ/ሄኖክ መኮነን

# ዞባ ዓንሰባ፡ ተጠቃምነት መደብ ውህለላን ንኡስ ልቓሕን ዕቤት የርኢ ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ተጠቃምነት መደብ ውህለላን ንኡስ ልቓሕን ዕቤት የርኢ ከምዘሎ፡ ብኡ መሰረት ድማ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይዚ ዓመት'ዚ ጥራይ ን2,824 ዓማዊል 28 ሚልዮን ናቕፋ ልቓሕ ከምእተዋህበ፡ ሓላፊ ጨንፈር መውል ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ቢንያም ዮውሃንስ ገሊጹ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣቶ ቢንያም፡ ዝበዝሑ ተጠቀምቲ ናይቲ መደብ ሓረስቶት ምዃኖም ብምምልካት፡ ካብ'ቲ ዝተዘርግሐ ልቓሕ ልዕሊ 16 ሚልዮን ናቕፋ ማለት 91 ሚእታዊት ኣብ ግዜኡ ከምእተመለሰ፡ እዚ ድማ ኣዝዩ ኣተባባዒ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

መደብ ውህለላን ንኡስ ልቓሕን ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ብሓፈሻ ልዕሊ 49 ሚልዮን ናቕፋ ናብ ዓማዊል ብምዝርጋሕ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ቢንያም፡ ናይ ምውህላል ባህሊ ንምትብባዕ ብዝብል ዕላማ፡ ልዕሊ 65 ሽሕ ናቕፋ ወለድ ን3777 ዜጋታት ከምዝኸፈለ ኣብሪሁ።

ብጠቕላላ 11 ሽሕን 315 ዓማዊል ዘለውዎ ጨንፈር ውህለላን ንኡስ ልቓሕን ዞባ ዓንሰባ፡ ዕዳጋታት ኣብ ምርግጋእ፡ ሕጽረታት ኣብ ምውጋድን ዕድል ሸቐለት ኣብ ምፍጣርን ልዑል ተራ ከምዝጻወት፡ ሰነዳቱ የመልክቱ።

# ነበርቲ ጋላ-ነፍሒ፡ ምስራሕ ዛላታትን ክትርታትን ዘጠቓለለ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን የካይዱ ኣለዉ

ነበርቲ ዓድታት ኣባርዳእ፡ ክትሞውሊዕ፡ ኗጌን፡ ዓዲ-ጎምቦሎን ሰላዕ-ዳዕሮን - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ሓመድን ማይን ንምዕቃብን ዝባደመ መሬት ናብ ንቡር ንምምላስን፡ ብዝሓሸ ውዳበ ማእቶታዊ ወፍሪ የሰላስሉ ኣለዉ።

ኣካባቢ ኣባርዳእ ኣቶ ተስፋይ መርእድን ኣመሓዳሪ ከባቢ ኗጌን ኣቶ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄርን ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ከባቢኦም ካብ ፍግረ-መሬት ንምክልኻል፡ ዛላታትን ክትርታትን ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ይነጥፉ ከምዘለዉ ብምግላጽ፡ ብኮም ተወዲብካ ዝካየድ ስራሕ ውጽኢቱ ኣድማዒ ምዃኑ ተገንዚቦም፡ ብውህደት ይሰርሑ ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

ነባሪ ኣባርዳእ ኣቶ ማህደረ ክፍለን ነባሪ ክትሞውሊዕ ኣቶ የማነ ፍስሃየን ብግደኦም፡ ኣብ ከባቢኦም ዘካይድዎ ዘለዉ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ዝካየድ መደባት ልምዓት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ውጽኢት ወፈራዊ ማእቶት ኣብ ባይታ ይርእይዎ ስለዘለው፡ ብዝለዓለን ዝሰፍሐን መልክዑ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ መንእሰይ ኢሳይያስ ዘወልዲ ብወገኑ፡ እቲ በብዓመቱ ዝሰላሰል ወፍሪ ንወጽኢት ሓባራዊ ስራሕ ዝኮልዕ ምዃኑ ብምምልካት፡ ተሰላሲሉ ዘሎ ንጥፈታት ሕርሻዊ እቶታውነት ኣብ ምዕባይ እወታዊ ተራ ከምዝጻወት ገሊጹ።

እተን ዓድታት ንዝተመደበለን ስራሕ ብልዑል ወኒ ይዓምኦ ከምዘለዋ ዝሓበረ ሓላፊ ቀጠባዊ ልምዓት ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ መሓሪ ዮውሃንስ ድማ፡ ብምውህሃድ ህዝቢ ዝካየድ ወፈራታት ኣድማዕነት ስለዘለዎ፡ ዝተሓንጸጸ መደባት ንምዕዋትን ከባቢኦም ንምልማዕን ወትሩ ድልዋት ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

# ዓንሰባ፡ ኩነታት ክራማትን ዘራእቲን ጽቡቕ ከምዘሎ ተሓቢሩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ምዕሩይ ዝርግሓ ዘለዎ ዝናብ ይወቅዕ ብምህላው ኩነታት ዘራእቲ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘቃንዕዎ መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሓረስቶት ንዘሎ ትስፍው ክራማት ብዝግባእ ተጠቒሞም ኣብ ረብሕኦም ብምውዓል ውሕስነት መግቢ ዘረጋግጹሉ ባይታ ንምፍጣር፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ግቡእ ተራኦም ክጻወቱ ተላብዩ።

እቶም ኣመሓደርቲ ብወገኖም፡ ዝተሃንጹ ዲጋታትን ራሀያታትን እኹል ማይ ኣዋህሊሎን ብምህላወን፡ ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ኣብ ምውሓስን ልምዓት ጀራዲን ኣብ ምድንፋዕን ኣበርክቶኣን ብቐሊል ከምዘይግመት ብምጥቃስ፡ ብዘይካ ንኡሳን ዞባታት ሰልዓን ከርከበትን፡ ኣብተን ዝተረፋ ንኡሳን ዞባታት ዝተዘርአ እኽላትን ጥረታትን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዘሎ ኣብሪሆም።

ኣልማዕቲ ጀራዲንን ኣፍረይቲ ጸባን ህዝቢ ብቐረባ ተጠቃሚ ንክኾውን ይጽዕሩ ምህላዎም ብምምልካት ድማ፡ መደበራት ፈልሲ ገለብ፡ ሓልሓልን ሓጋዝን ኣብ ቀረብ ፈልስታት ልዑል ተራ ይጻወታ ምህላወን፡ ኣብ ሓልሓል ዝተዘርአ ቡን፡ ሚለን ማንጉስን ድማ ዘተባብዕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ኣነጺሮም።

እቶም ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣብ መወዳእታ፡ ቀጻልነት ዝህነጹ ዲጋታት ንምውሓስ ዕምቈት መሰረተን ክድልድል፡ ተጀሚረን ዘይተወድኣ ኣብያተ-ትምህርቲ ቁላሕታ ክግበረለን፡ መስርሕ ህንጻት ኮማዊ ሆስፒታል ገለብ ክቀላጠፍ፡ ንተሸከርከርቲ ዘጸግም ዘሎ መስመር ከረን - ሓጋዝን መስመር ሓልሓል - ኣስማጥ - ሰልዓን ጽገና ክግበረሉ ዝብሉን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ መወዳእታ፡ ንጥፈታት ምእካብ ግብሪ መሬት፡ ጥሪትን ሕርሻን ክሕይል፡ ነበርቲ ሓመልማሎ፡ ሃበርን ኣስማጥን ኣብ ገማግም ሩባ ዓንሰባ ጀራዲን ብምልማዕ ውሕስነት መግቢ ከረጋግጹ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣበርቲዖም ክሰርሑ ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ዞባ ክትሓባበር ቅሩብ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

# ነበርቲ ጊንዳዕ፡ ኣድማዒ ልምዓታዊ ንጥፈታት የሰላስሉ ኣለዉ

ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ላዓይተኛን ነፋሲትን - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብውሑድ ተበላሺዩ ንተሸከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ዝጸንሐ ካብን ናብን ዓደም ዝመላለሱሉ ጽርግያ ብወፈራ ይጽግኑ ኣለዉ።

ንሳቶም ቀዳምነት ሂቦም ዝጽግንዎ ዘለዉ፡ ብ4 ነሓሰ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብ ዝተበላሸወ ካብ ነፋሲት ተበጊሱ ምስ ዞባ ደቡብ ዝሕወስ መስመር ክኸውን እንከሎ፡ ንዚያዳ ኣድማዕነት ሓገዝ ማሽነሪ ክግበረሎም ሓቲቶም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ነበርቲ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ጊንዳዕ፡ ኣብ ምስራሕ ካናሌታት፡ ዛላታትን ከትርታትን ከምኡ'ውን ምውሓስ ከባቢያዊ ጽሬት ዝተኮረ ልምዓታዊ መደባት የሰላስሉ ኣለዉ።

ንሳቶም ንኤርና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብጋንታታት ተወዲቦም ወትሩ ሓሙስ እናወፈሩ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ ምግራብን ምዝላይን ድማ ብፍላይ ይሳተፉ ከምዘለዉ ብምምልካት፡ ብዘበለጸ ኣወዳድባ ከምዝቕጽልዎ ኣረጋጊጾም።

# ዝሕንጸጹ ፕሮጀክትታት ልምዓት ንምዕዋት ዝተዓደ ማእቶታዊ ንጥፈታት ብዝሓየለ መልክዑ ክስራሓሉ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ መትከብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽን ዝኾደለ ጠለባት ንምምላእን ዝሕንጸጹ ፕሮጀክትታት ልምዓት ንምዕዋትን ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽን ዝተዓደ ማእቶታዊ ንጥፈታት ብዝሓየለን ዝተወደበን መልክዑ ክስራሓሉ፡ ጸሓፊት ህግደፍ ኣብቲ ዞባ ወይዘሮ ኣሙት ንገሰ ኣዘኻኺራ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ሓለፍቲ ግንባርን ኣብ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ወይዘሮ ኣሙት፡ ኣብ ውድባዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን መዳያት ናይ ዝተሰላሰሉ ንጥፈታት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ፡ ሓደጋትናን ጥምረትናን ኣደልዲልና ኣብ ልምዓታዊ ኹናት ንመዝዋሮ ዘለና ዓወታት፡ ንብሩህ መጻኢና ኣገላሊጡ ዘርኢ ከምዝኾነ ኣነጺራ።

ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ካብ ዝተወጠነ መደባት ስራሕ ልዕሊ 82 ሚእታዊት ከምእተዓመ ብምሕባር ድማ፡ ምሕደራ ሰራዊት፡ ኣቀራርባ ጸብጻባትን ኣተሓሕዛ ሃለኽቲን ንምውርጻጽ፡ ተራ ዝምልከቶም ኣካላት ክሕይል ጸዊዓ።

ብምውህሃድ ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ዝተዓደ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ሓያል ባህሊ ዓያይነት ይኹስኩሱ ምህላዎም ዝገለጹ ተሳተፍቲ፡ ምሕጋዝ ጽግማትን ስድራ ስውኣትን ብዝለዓለ ክቕጽል፡ ካብ ከረን ወጻኢ ዘሎ ናይ ሓመድ ጽርግያታት ክጽገን፡ ቀጻልነት ዝርግሐ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎታት ድማ ክሕይል ተላብዮም።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ኣኼባ ኣቦ መንበር ህግደፍ ኣብቲ ዞባ - ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተወሃሂድካን ተሓባቢርካን ዝሰላሰል ንጥፈታት መሰረት ምዕባለ ስለዝኾነ፡ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ምእንቲ፡ ኣመሓደርትን ሓለፍቲ ግንባርን ልዑል ኣድህቦ ሂቦም ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።

# ጋሽ-ባርካ፡ ሓያል ዝናብ ኣብ ሰብ፡ ጥሪትን ዘራእትን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ፎርቶ-ሳዋን መንሱራን - ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝወቐዐ ሓያል ዝናብ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብ፡ ጥሪትን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

ብመሰረት'ቲ ደንጉዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ፣ ኣብ መወዳእታ ዕለታት ወርሒ ሓምለ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ንልዕሊ 5 ሰዓታት ብዝወቐዐ ሓያል ዝናብ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሞሎብር ክልተ ኻሶት ምስ ጥሪቶም ብውሕጅ ተወሲዶም ሞይቶም ከም እተረኽበ፣ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሆሚብን ሞሎብርን ድማ ብጠቕላላ ኣስታት 900 ጤል-በጊዕ፡ 10 ኣግማልን 5 ኣጱዱግን ከምዝሞቱ ተፈሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበረ 62 ጀራዲን ክድምሰስ እንከሎ፣ ናይ 25 ካልኦት ጀራዲን ዒላታትን ሞቶረታትን ከምእተደፈኑ ወኪል ኤሪና ካብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓቢሩ።

ኣመሓደርቲ ከባቢታት ሆሚብን ሞሎብርን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ቅድሚ ሕጂ ከም'ዚ ዓቐን ዝናብን ውሕጅን ኣጋጢምዎም ከምዘይፈልጥ ብምጥቃስ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ቁላሕታ ክገብሩሎም ጻውዒት ኣቕሪቦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣቐድም ኣቢሉ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞንሱራ ዝወቐዐ ንፋስ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ልዕሊ 15 ኣባይትን ብርክት ዝበለ ኣግራብን ጉድኣት ከምዘውረደ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።


## መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

ቊ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

ቊ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ. 125394-08204224

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጂጋይ
ሳምራዊት መለስ

ምሲጋና ተዓገስ
ዮሃንስ ሃይለ


# ብህቡብላ ዝተሃሰየት ቤት-ትምህርቲ ገረሚ፡ ጽገና ክግበረላ ነበርቲ ጸዊዖም

ብ5 ነሓሰ ብዝሃረመ ሓያል ህቦብላ ዝተሓወሶ ዝናብ ናይ ክልተ ክፍልታታ ዚንግታት ዝተቐንጠጠ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ገረሚ - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ቅድሚ ምጅማር ትምህርቲ ብኣጋ ክትጽገን ነበርቲ ጸዊዖም።

ርእሰ-መምህር'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ወልደስላሴ ጸሎት ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ 6 ክፍልታትን 2 ዓይኒ ምድርን ዘጠቓለለት ኣብ 2010 ዝተሃንጸት ቤት-ትምህርቲ፡ ቀጽሪ ስለዘይብላ ንንፋስ ዝተቓልዐት ምዃና ጠቒሱ፡ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ክትጽገንን ጉዳይ ቀጽሪ ኣቓልቦ ክግበረሉን ኣዘኻኺሩ።

ምስ ምህናጽ'ታ ቤት-ትምህርቲ ደቀም ኣብ ከባቢኦም ክመሃሩ ከምዝበቕዑ ዝገለጹ ኣመሓዳሪ ገረሚን ምድሪ ዘዉልን ኣቶ ዑቕባዝጊ ቀለታን ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ገረሚ ኣቶ በርሀ ኣነንያን፡ ነታ ቤት-ትምህርቲ ንምጽጋን ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ካብኦቶም ዝሕተት ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዕንቅፋት ንኸይፍጠር ቅልጡፍ ናይ ጽገና ስጉምቲ ክውሰድ ዝጸውዑ ነበርቲ፡ ጉልበቶምን ገንዘቦምን ብምውህሃድ ካብኦም ዝድለ ከምዘማልኡ ኣረጋጊጾም።



## ኣህጉራዊ ጉዳያት

ኢንጂ. ርስቶም በረኸት

# ሄሮሺማን ነጋሳኪን

ዕለት 6ን 9ን ነሓሰ 1945 ኣብ ታሪኽ ዓለም ብሓፈሻ፡ ኣብ ታሪኽ ጃፓን ድማ ብፍላይ ፍሉይ ዝኾነ'ዩ ዘለወን። ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ከተማታት ጃፓን ፈለማ ንሂሮሺማ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ድማ ንናጋሳኪ መጥቃዕቲ ኣቶማዊ ቦምብ ዝፈጸመትሉ ዕለታት'የን። እዚ ፍጻመ ዝሓለፈ ሰሙን ንመበል 69 ግዜኡ ኣብ ጃፓን ተዘኪሩ ወዒሉ። ኣብ ሂሮሺማ ኣብ 'ሰላም ፓርክ' ኣስታት 45 ሽሕ ተሳተፍቲ ነይሮም። ኣማሓዳሪ ናይታ ከተማ ካዙሚ ማትሱ ንተሳተፍቲ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ ጃፓን ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ዘይብላ ዓለም ንኽትህሉ እጃማ ከምተበርክት ገሊጹ። ንመራሕቲ ዓለም ድማ ዋዕላ ሚኒስተራት፡ ብጉዳይ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ዘይምፍራይን ንዘበረ ምጉዓልን ኣብ ሚያዚያ ኣብታ ከተማ ክካየድ ጸዊዑ። "ፕረዚደንት ኣመሪካን ካልኦት መራሕትን በጃኹም ኣብዚ ግዳይ ኣቶማዊ መጥቃዕቲ ዝኾነት ከተማ መጺእኩም ነቲ ዝኾነ ብዓይንኹም ተዓዘቡ፡ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ክሳብ ክንደይ ሓደገኛ ምዃኑ ከኣ ክስወጠኩም'ዩ።" ድማ ኢሉ። ብተመሳሳሊ ብ9 ነሓሰ ኣብ ናጋሳኪ ኣብ ዝወዓለ ናይ ዝኽሪ ጽንብል፡ ኣማሓዳሪ ናይታ ከተማ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ንዘሎን ዝቐጽልን ወለዶ እቲ ዝኸፍአ ስግኣት ኮይኑ ከምዘሎ ገሊጹ።

ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ ኣቶማዊ መጥቃዒ ሂሮሺማን ናጋሳኪን ኣብ መንጐ ኣመሪካን ሩሲያን ዘጋንሐ ፖለቲካዊ ዘይምቅዳው ብሰንኪ ጉዳይ ዩክሬን ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን'ዩ ተኻይዱ። እዘን ብዘውንናአ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ኣብ ቀዳማይ ዝስርዓ ሃገራት ናብ ኩናት እንተኣምሪሐን ምናልባት ሳልሳይ ኩናት ዓለም ክይጅመር ዝሰግኡ ተንተንቲ ኣለው። እቲ ንኽልተ ከተማታት ጃፓን ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ደምሲሱ መኽተምታ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኮይኑ ዝሓለፈ ኣቶማዊ መጥቃዕቲ ዳግማይ ከይድገም ከኣ እቲ ዝያዳ ዘሻቕሎም'ዩ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጃፓን ዝፈጸመቶ ኒኩሌሳዊ መጥቃዕቲ፡ ዛጊት እቲ ዝኸፍአ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ታሪኽ ከምዚ ይመስል፦ ሰኑይ ሰዓት 2፡45 ድሕሪ ቀትሪ'ዩ። ዕለት 6 ነሓሰ 1945። B-29 ዝዓይነታ ነፋሪት ኩናት ኣመሪካ ካብ 'ቲንያን' ዝተባህለት ደሴት ናብ ጃፓን 2400 ኪሎ ሜተር ንምብራር ኰቐለት። ኣብ ውሽጣ ሰለስተ ሜትሮ ዝቑመቱ 'ሊትል ቦይ' ዝበሃል ቅጽል ስም ዝተዋህቦ ካብ ዩራንዩም-235 ዝተባህለ ጔኢታ ዝተሰርሐ ኣቶማዊ ቦምብ ነይሩ። ንኽስራሕ ድማ ኣስታት ክልተ ቢልዮን ዶላር ሓቲቱ። እታ ነፋሪት ኣቐዲማ ዝተሰርሐት'ኳ እንተነበረት፡ ንኸፆሚ ዓይነት ከቢድ ቦምብ ንኽትስከም ምስ ካልኦት 15 ነፈርቲ እንደገና ተሰሪዓ'ያ። ኣብቲ ኣገዳሲ ምስጢራዊ ጉዕዞ ነታ ነፋሪት ኩናት ካልኦት ክልተ ነፈርቲ ኩናት ዓጀበንኣ ነበራ። ነቲ ፍጻመ ንምስናድ'ውን እኹል መሳርሒ ዓጢቐን ነበራ። ኣቐዲመን ንኹነታት ኣየር ናይተን ክድኑብደባ ኣብ መደብ ዝበራ ቦምብ ዘመክሕን ንመሀደዲ ዘገልግልን ደኣ'ምበር ክፈሽል ኣይንበሮን።

ሰዓትን መዓልትን ብዘኣኸለ፡ እታ ቀዳመይቲ ዕላማ ክትኮውን ዝተሓርየት ከተማ ሂሮሺማ ንበረራ ዘየሸግር ኩነታት ኣየር ከምዝበራ ተረጋጊጹ። 'ሊትል ቦይ' ካብ ሰማያት ሂሮሺማ ተተኮሰ። ማእከል ዕላማኡ 'ኣይኣይ' ዝተባህለ ድልድል'ዩ ነይሩ። ካብኡ 240 ሜትሮ ተፈንቲቱ ከኣ ዓለቤ፡ ንኣመሪካውያን ዕወት መጥቃዕቲ፡ ንጃፓናውያን ከኣ ጥፍኣት ኮነ። ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ ኣስታት 80 ሽሕ ህዝቢ ሃለቐ። ድሒሩ ኣብ ታሕሳስ ኣብ ዝተገበረ ዳህሳስ'ውን ካልኦት 70 ሽሕ ሰባት ሰዓቡ። ክልተ ሰሶ ስፍሓት ናይታ ከተማ ፍጹም ዓነወ። ካብቲ ዝበረ 90 ሽሕ ኣባይቲ እቲ 60 ሽሕ ተሃመኹ። ሓጺውንን ኣእማንን ከይተረፉ ከመኮ ተራእዩ። ብበልባል ሓዊ ዝተሰዐ ትኪን ደርናን 12 ኪሎ ሜተር ብራኸ ነይሩዎ።

ጃፓናውያን ነቲ ዝወረዶም መዓት ዕረ ከተማታት ጃፓን ንምርግጋጽ ዝሓለፉ ሰለስተ ነፈርቲ ነይረን'የን። 'ሊትል ቦይ' ኣብ በረራ ክጸወድ'ዩ ተወጢኑ። ናይዚ ሓላፍነት ድማ ካፒተን ሓይሊ ባሕሪ ዊልያም ኤስ. ፓርሶንስ'ዩ ወሲዱዎ። ንሱ፡ "ነቲ ቦምብ ክጸውድ ከለኹ ህይወት ጃፓናውያን ኣብኡ ከምዝበረ ይርድኣኒ ነይሩ'ዩ፤ ዝኾነ ዝተሰምዓኒ ፍሉይ ስምዒት ግን ኣይነበረን።" ይብል።

እተን ክድኑብደባ ዝተረቑሓ ከተማታት ሂሮሺማ፡ ኮኩራ፡ ናጋሳኪን ኒጋታን እየን ነይረን። እዘን ከተማታት ዝተሓርያሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ በቲ ዝበረ ኩናት ዘይተተንከፋ ብምንባረን'ዩ። እዘን ዝድኑብደባ ከተማታት ዝሓረየት ወተሃደራዊት ኮሚቴ፡ ኣድማዕነት ናይታ ናይ ፈለማ ትትኩስ ቦምብ ክተረጋግጽ ንይሩዋ። ምኽንያቱ እቲ ንፈለማ እዋን ዝፍተን ዝበረ ኣቶማዊ ቦምብ እናጠየቖም ክቕበሉዎ ፈተኑ። ዓለም በቲ ፍጻመ ተገሪመትን ተቑጢዓትን። ምኽንያቱ ሓደሽ ክስተት'ዩ ነይሩ። ኣመሪካ ግን ጃፓናውያን ኢዶም ንኽህቡ'ውን ዕድል ኣይሃበቶምን። እኹል ፕሉቲዮም ዝተባህለ ጔኢታ ከተዋህልል ድሕሪ ምጽናሕ ንኻልእ መጥቃዕቲ ተዳለወት። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ 'ፋት ማን' ዝተባህለ ቦምብ ዝጸዓነት ነፋሪት ኩናት ናብ ከተማ ኮኩራ ኣምርሐት። ኩነታት ኣየር ኮኩራ ግን ንበረራ ኣይመችኣን። መደብ ጥፍኣት ከኣ ናብ ከተማ ናጋሳኪ ተቐየረ። 'ፋት ማን' 10 ዕጽፊ ናይ 'ሊትል ቦይ' ሓይሊ ነይሩዎ። ክብደት 50 ኩንታል ይኸውን ነይሩ። ከተማ ናጋሳኪ ዕጫ ሂሮሺማ በጺሓ። 70 ሽሕ ተቐማጦኣ ንእሉቱ ህጣሞም ጠፍኡ።

እዚ ኣሰቃቒ ህልቂት ንምፍጻም ሓደ ጉጅለ መራሕቲ ኣመሪካ'ዩ ብምስጢር ተኣኪቡ። ንጃፓን ዝተዋህበ ማጠንቀቕታ ኣይነበረን። ኣመሪካውያን ካልእ ኣማራጺታት ክቕበሉ ኣይደለዩን። ነቲ ዛጊት ዝኸፍአ ዝበሃል ንወዲ ሰብ ከጽንት ዝኽእል መሳርሒ ደኣ ክፍትኑዎ ይጓየዩ ነበሩ። መዛግብቲ ታሪኽ ከምዘረድኡዎ፡ ዋሺንግቶን እዚ ውሳኔ ክትወስድ እንከላ ዕላማኣ ነታ ናይ ኩናት መላፍንታ ዝበረት ሕብረት ሶቬት፡ መልእኽቲ ከተመሓላልፍ ዕላማ ነይሩዋ'ዩ። እንተዘይኮይኑ ጃፓን እቲ መጥቃዕቲ እንተዘይፍጸም'ውን ኢዳ ክትህብ ድሌት ኣርእያ ነይራ'ያ። ዳይረክተር ኢንስቲትዩት ኒኩሌሳዊ መጽናዕቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣመሪካ ፒተር ኩዝኒክ ምስ ተመራማሪ ታሪኽ ማርክ ሰልደን ብምዃን ንዘዳቐረ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ኣመሪካ፡ ጃፓንን ሕብረት ሶቬትን ብምፍታሽ ዝረኸቡዎ ሓበሬታ ኣብ 'ኒው ሳይንቲስት' ስፊሩ'ዩ። ሰለስተ መዓልቲ ቅድሚ'ቲ መጥቃዕቲ ፕረዚደንት ትሩማን፡ ጃፓን ሰላም ትደሊ ከምዝነበረት ከምዝገለጸ ከኣ የረድኡ። ሳዕለዎት ጀነራላትን ፖለቲካውያን ኣማኸርቲን'ውን፡ ኣቶማዊ ቦምብ ምጥቃም ሓደገኛ ከምዝኾነ ነጊሮሞ ነይሮም'የም። ነተን ቦምባታት ካብ ምፍንጃርን ግን ኣይከልከሉን። ኣመሪካ ዝያዳ ጃፓን፡ ንሕብረት ሶቬት ምምላጥ የገድሳ ከምዝነበረ ይገልጹ እዮም ተመራመርቲ። እዚ ሓበሬታ ማዕከናት ዜና ምዕራብ ተኣማንነቱ ክቡድላ ፈቲነን'የን። እንተኾነ ብብዙሕ ጭብጥታት ዝደገፈን ምስክርነት ናይቶም ናይቲ እዋን ቀንዲ ተዋሳእቲ ወተሃደራውያንን ፖለቲካውያንን ሓለፍቲ ኣመሪካ ዝሓዘለን'ዩ። ጀነራል ድዋይት ኣይዘንሃወር ኣብ 1963 ኣብ ዝሃቦ ቃለ መሕትት፡ ጃፓናውያን ኢዶም ንኽህቡ ድሉዋት ከምዝነበሩ ብምምልካት፡ ብኣቶማዊ ቦምብ ምድኑብጻም ኣገዳሲ ከምዘይነበረ'ዩ ዝኣመነ። ሓለቓ ስታፍ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ሃሪ ትሩማን ኣድሚራል ዊልያም ሊሃይ ብወገኑ ኣብ መዘኻኸሪ ዝጽሓፎ ከምዚ ክብል ጽሒፉ'ዩ፡ "ኣብ ልዕሊ ከተማታት ሂሮሺማን ናጋሳኪን ዝተሰንደወ ባርባራዊ ኣጽዋር ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ምንም ደገፍ ኣይነበሮን። ምኽንያቱ ጃፓናውያን ኣብ ኩናት ደሮ ተሳዒሮም ነይሮም'የም። ንኽምረኹ'ውን ድሉዋት ነይሮም" ይብል።

ኣመሪካ ዝጽሓፎ ደረጃ ብቕዓት እንተሰለብዋን ንምእላያን ምምሕዳራን ዝቐለለ ከምዝኾነ'ውን ቅድሚ'ቲ መጥቃዕቲ ሓቢሩ ከምዝነበረ ተመራመርቲ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር 'ሊዮ ስዚላርድ' የረድኡ።

ዋሽንግቶን ኣብ 1960ታትን 1950ታትን ነቲ ኣጽዋር እንተውሓደ ኣብ 20 ዝኸውን ኢጋጣሚታት ንኽትጥቀመሉ ኣፈራሪሓን መደብ ኣውጺኣን'ያ። እዚ ግን ሕብረት ሶቬት፡ ኒኩሊሳዊ ቦምብ ክሰከም ዝኽእል ሮኬታት ክሳብ ተማዕብል ጥራይ እዩ ነይሩ። ድሕሪኡስ ነቲ ኣጽዋር ብምጥቃም ካብ መላእ ዓለም ኣንጻር ኣመሪካ ፖለቲካዊ ሰውራ ከይለዓል ዝሰግኡ ኣመሪካውያን ዝሓለም'ዮም። ኣብዚ ሎሚ እዋን ሩሲያ ኣስታት 8 ሽሕ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ብምዕጣቕ ንኣመሪካ በሊጻ ኣብ ቅድሚት ትስራዕ። ብዘይካ ኣመሪካን ሩሲያን፡ ብሪጣንያ፡ ህንዲ፡ ፈረንሳ፡ ቻይና፡ ፓኪስታንን ሰሜን ኮርያን'ውን ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ይውንኑ። እስራኤል ድማ ክህልዋ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ትግመት።

ሳዕቤን ናይቲ ኣብ ጃፓን ዝተኻየደ ኒኩሌሳዊ መጥቃዕቲ ክሳብ ሕጂ'ዩ ዝቕጽል ዘሎ። ብሰንኪ ጸርጊ ናይቲ ኣብኡ ዝተጠቐመሉ ጔኢታ ኣብ ወለድን ድሕሪ ወለድን ኣብ ህጻናትን ኣደታትን ብዙሕ ዘይንቡር ተርእዮ እዩ ዘሎ። ጠንቂ ካንሰር ኮይኑ ከኣ ንብዙሓት ዜጋታት ግዳይ ይገብር። "ኣመሪካ እዚ ውሳኔ ምውሳዳ ገበናት ኩናት ጥራይ ዘይኮነ ኣንጻር ሰብኣውነት'ውን እዩ" ይብል ፒተር ኩዝኒክ።









ኣመሪካውያን ነቲ ምስ ጃፓን ዘራኸቦም ጠንቂ ምኽንያት ብምግባር ንሩሲያ ክድህሉ ነቲ ህልቂት ከምዝፈጸሙዎ ድማ'ዩ ዝግለጽ። መራሕቲ ሕብረት ሶቬት ኣብቲ ኣመሪካ ግሉባዊ ዕብለላ ንምርግጋጽ ዘኣወጀቶ ጉዕዞ እንተዓንቂጾም ከተማታቶም ተመሳሳሊ ዕጫ ከምዝጥብጥመን መልእኽቲ ምትሕልላፍ ሓደ ካብ ዕላማኡ ከምዝነበረ ይጥቀሱ። ጸሓፊ ናይቲ እዋን መንግስቲ ኣመሪካ ጀምስ ብይርንስ፡ ሩሲያ ብኣድማዕነት ናይቲ ኣጽዋር እንተተደናገጸን ኩዝኒክ።

ኣመሪካ ንኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ክሳብ ሕጂ ከም መርዓዲ'ያ ትጥቀመሉ። ንተጠቃምነት ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ኣብ ኩናት ንዘኽልክል ሕጊ ዘይምቕባላ መርኣያኡ'ዩ። እታ ሃገር፡ ኣብ ልዕሊኣ ክቐንዕ ካብ ዝኽእል ፖለቲካዊ ተጻብኦ ብምፍራሕ'ያ ክሳብ ሕጂ ኒኩሌሳዊ ኣጽዋር ካብ ምጥቃም ተዓጊታ ዘላ። ኣመሪካ እታ ናይ ፈለማን እኸን ኒኩሌሳዊ ቦምብ ኣብ ሰላማውያን ሰባት ብነፋሪት ዝተኮሰት ሃገር'ያ።

# ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ትምህርቲ - ፈውሲ ቃንዛ ኣይኮነን

2ይ ክፋል

ገሊኡ መግቢ፡ መበራትዒ ቃላት፡ ፍሕሸው ገጽ ሓኪምን ኣላይትን ሕሙማትን ኣካላት እቲ ፈውሲ እዮም። ብዙሓት ሓካይምን ሕሙማትን ከም ዝሰማምዑሉ ከኣ ተስፋ ካልእ ኣካል እቲ ፈውሲ እዩ።

ኣብ ካልእ ኬድና እምበር ቀንዲ ኣርእስትና ዓቐን እዩ። ድሌት ክንደይ ዝኣክል ጊዜ ተሓጊዛ፡ ክንደይ ዝኣክል ለውጢ ገይራ ሓቢሬታ ክህብ ይኽእል እዩ። ሕሙም ናይ ክልተ ሰሙን ሕክምና ተኣዚዙሉ ሓንቲ ሰሙን ጥራይ ተሓኪሙ 'ኣይሓወኹን' ኢሉ እንተኾረየ ክሰማዕ ኣይግባእን። 'ቅድም ሕክምናኻ ወድእ እሞ ዳሕራይ ብዛዕባ ምሕዋይካን ዘይምሕዋይካን ትዛረብ' ከኣ ክብሃል ይከኣል። ስለዚ፡ ድሌት ነዊሕ ተሓጊዛዶ? እዚ ቅድም ንመልስ። ዳሕራይ፡ እቲ መድሃኒት ይሰርሕ ኣሎዶ ይሰርሕ የለን ክንምርምር።

እዚ ምኽርኻ ይሰርሕ ድዩ? ክሳብ ሕጂ ክንዛራረበሉ ዝጸናሕና ጉዳያት ሓደ ተማሃራይ ከመይ ኣቢሉ ርእሱ ዝኽእል ተማሃራይ ይኸውን ዝብል እዩ። እዚ ከኣ ግዜ ዝወስድ እዩ - ከም ኩሉ ነባሪ ነገራት።

ሓደ መንእሰይ፡ ብሓደ መዓልቲ ወሊዱ፡ ብሓደ መዓልቲ ኣዕብዩ፡ ብሓደ መዓልቲ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከተብጽሖ እትኽእል መርዓት ደለየ። ከም እዚኣ ዝኣመሰለት መርዓት ክረክብ ከኣ ብዙሕ ኮለል በለ። ይኹንምበር ክረክብ ኣይከኣለን። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ግን ሓንቲ ከምዚ ክገብር እኽእል'የ እትብል ጓል ተረኽበትሉ።

ንሱ ከኣ፡ 'ከማኺ ዝኣመሰለት ጓል ንምርካብ ነዊሕ ዓመታት'የ ተጸብየ። ሕጂውን ኣይኣመንኩን ዘለኹ። ብሓቂ ብሓደ መዓልቲ ወሊድኪ፡ ብሓደ መዓልቲ ኣዕቢኺ፡ ብሓደ መዓልቲ ንትምህርቲ ከተብጽሒ ትኽእሊ ኢኺ?' ክብል ሓተታ።

ጓል ሰናፍ ኣይኮነትን። እዚ ዝኾነት ትኹን ጓል ትኽእሎ ከም ዘይኮነት ትፈልጥ ነይራ'ያ።

'ብሓንቲ መዓልቲ ዘሪኡ፡ ብሓንቲ መዓልቲ ጸሂዩ፡ ብሓንቲ መዓልቲ ከኣ ኣኺዱ እኽሊ ዘሎ እንተረኺብካ፡ ብሓደ መዓልቲ ወሊደ፡ ብሓደ መዓልቲ ኣዕብየ፡ ብሓደ መዓልቲ ከኣ ናብ ቤት ትምህርቲ ከብጽሖ እኽእል እየ' ክትብል እዚ ዝሓሰቦ ዘሎ ከም ዘይከኣል ኣርድኣቶ።

ኣብ እንስሳታት ከኣ ከምኡ እዩ። ኩለን ዓይነት እንስሳታት ሓደ ንውሓት ጥንሲ የብለንን። ንኣብነት፡ ጥዑያት ቁልዑ ንክውለዱ ትሸዓተ ወርሒ ኣብ ከብዲ ኣዲኦም ክጸንሑ የድልዮም። ኣብ ዘራፍ፡ እቲ ናይ ጥንሲ ግዜ ክሳብ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ይጸንሕ። ኣብ ሓራምዝ እዚ ክሳብ ዕስራን ክልተን ኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል። ከምዚ ዝበለ ግዜ እቲ ዝውለድ ድልዊ ኮይኑ ንክውለድ ይሕግዞ። ንኣብነት፡ ኣብ ሰባት፡ እተን ቀዳሞት ሒደት ኣዋርሕ ጥንሲ ኣዝየን ኣገደስቲ እየን። ኩሉ እቲ ንሰብ ብህይወት ክነብር ዘድልዮ ኣካላት ከም ልቢ፡ ሓንጎል፡ ሳንቡእ ኣእጋርን ኣእዳውን ከይተረፈ ኣብዘን ኣዋርሕ'ዩ ዝቐውም። ጥንሲ ሸውዓተ ወርሒ ምስ ዝኸውን እሞ ምስ ዝውለድ ክሰርርን ብህይወት ክቕጽልን ይኽእል እዩ። ኣብ ትሕቲ ኣዲኡ ሓርማዝ ክውለድ እንክሎ ክሳብ 120 ኪሎ ግራም ይምዝን። ምስ ተወለደ ከኣ ሸዑ ንሸዑ ጭዋዳታት ኣእጋሩን ንጉቱን ክጥቀመሎም ኣይኽእልን እዩ። ክልተ ሰዓት ጸኒሑ ብእግሩ ደው ክብልን ክጡብውን ይጅምር። ኣብ ውሽጢ ወርሒ ኣቢሉ ድማ ንገዛእ ርእሱ ክምግብ ይጅምር። ብንጉቱ ኣቢሉ ማይ ምስታይ ንኽጅምር ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ይወስደሉ። ብዘይ ሓገዝ ኣቦኡን ኣዲኡን ክነብር ክማሃር ግን ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ምስ ስድራኡ ክጸንሕ ኣለዎ።

ናበይ ናበይ እየ ዘብል ዘለኹ? ዝኾነ ህይወት ዘለዎ ነገር - እዚ ንሓሳብን ንምኽርን ዘጠቓልል እዩ - ኣብ ፍረ ክበጽሕ ግዜ ይደሊ እዩ። ሸው ተዘሪኡ፡ ሸው በቒሉ፡ ሸው ተጻህዩ፡ ሸውኡ ዝእቶ ተኽሊ፡ ወይስ ብሓንቲ መዓልቲ ተጠኒሱ፡ ብሓደ መዓልቲ ተወሊዱ፡ ብሓደ መዓልቲ ዓብዩ ኣብ ፍረ ዝበጽሐ የለን።



ፍረ ሓደ ዓመት እንተ ደሊኻ፡ ................................

ፍረ ዓሰርተ ዓመት እንተ ደሊኻ ከኣ ተኽሊ ትኸል፡

ፍረ ሚእቲ ዓመት እንተ ደሊኻ ከኣ ህዝቢ መሃር' ክብሃል ሰሚዕኪ ትፈልጢዶ? ገሊኡ ብቑሊ ክፈሪ ሓጺር ግዜ ጥራይ'ዩ ዘድልዮ። ገሊኡ ከኣ ነዊሕ ግዜ ይደሊ። ዳጉሻ ተዘሪኡ ክሳብ ዝዕጸድ ዝወስደሉ ጊዜ ምስቲ ጣፍ ተዘሪኡ ተጻህዩን ተዓጺዱን ክኣቶ ዘድልዮ ግዜ ሓደ ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ፡ ኣራንሺ ተተኺሉ ክሳብ ፍረኡ እትርኢ ዘሎ ግዜ ምስቲ ሰገም ተዘሪኡ ክሳብ ዝዕጸድ ዝወስደሉ ግዜ ሓደ ኣይኮነን።

ኮይኑ ከኣ ክዓብይን ክነብርን ይኽእል። ብዘይ ኣዲኡ ግን፡ ህይወት የብሉን እኳ ክብሃል ዘይከኣል እንተ ኾነ፡ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ቈልዓ ከተዕቢ ግን ቀሊል ኣይኮነን።

ብኣንጻር እዚ፡ ወዲ ዘራፍ ኣብ ውሽጢ ዕስራ ደቒቕ ብእግሩ ደው ክብል ይኽእል። ሸው ንሸው ከኣ ጸባ ኣዲኡ ክምገብ ይጅምር። ክውለድ እንክሎ ከኣ ዳርጋ ክልተ ሜተር ኣቢሉ እዩ ዝውለድ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ዓመት ከኣ ቁመቱ ዕጽፊ ይኸውን። ድሕሪ ሓደ ዓመት ምጥባው ይሓድግ። ኣብ ውሽጢ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ከኣ ርእሱ ይኽእል። ወዲ ኣብ ሰሙን ካብ ልደት ክሳብ ሞት ዝበጽሐ ዛንታ ሰሎሞን ግራንዲ ኣንቢብክያዶ ትኾኒ? እንተ ዘይኣንቢብክያ እንሆትልኪ።

ሰሎሞን ግራንዲ
ሰኑይ ተወሊደ
ሰሉስ ተጠሚቀ
ሮቡዕ ተመርዕየ
ሓሙስ ሓሚመ
ዓርቢ ገደደ
ቀዳም ከኣ ዓሪፈ
ሰንበት ተቐቢረ
በዚ ከኣ መወዳእታ
ሰሎሞን ግራንዲ ኮነ።

ትካላት ንሓንቲ ስራሕ ሰብ ክድልያ እንከለዋ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ይሓታ። ሰለስተ (ምስዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ጉዳይ ዝተኣሳሰር ነገራት) ከኣ ኣብቲ ዘውጽኦኦ ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ ከም ረቛሒ የእትዋ። ቀዳማይ፡ ደረጃ ትምህርቲ እዩ። እቲ ዝዕየ ስራሕ ብዙሕ ትምህርቲ ዘየድልዮ ምስ ዝኸውን (ንኣብነት ናይ ጽሬት ስራሕ ወይ ከኣ ምምራሕ መኪና) ናይ መባእታ ትምህርቲ እኹል'ዩ። ኣብ ገሊኡ ምንባብን ምጽሓፍን ጥራይ እኹል'ዩ። ኣብ ገሊኡ፡ እዘን ትካላት ክሳብ ናይ ዶክተረይት ማዕርግ ዘለዎ ትምህርቲ ዝሸይድ ደረጃ ይሓታ። እቲ ምኽንያት፡ እቲ ስራሕ ናይ ዶክተረይት ትምህርቲ ዘለዎ ጥራይ'ዩ ክዓዮ ዝኽእል እምንት ስለ ዘሎ እዩ። እታ ካልኣይቲ ረቛሒት ተሞክሮ ኣብቲ ዝድለ ዘሎ ስራሕ'ዩ። ሓደ ተሞክሮ ስራሕ ዝሕተተሉ ምኽንያት፡ እቲ ተሞክሮ ዘለዎ ሰብ ካብቲ ተልመዴን ዝያዳ ነቲ ስራሕ ኣጽፊፉ ክሰርሖ ስለ ዝኽእል እዩ። ዕድመ፡ እቲ ሳልሳይ ትካላት ኣብ ሰራሕተኛኦን ክረኽብኦ ዝደልያ ረቛሒ እዩ። ንኣብነት፡ እቲ ዕየ ካብዚ ናብቲ ምንጣር ዘድልዮ እንተኾይኑ ወይ ከኣ ጉያ ዘድልዮ እንተኾይኑ እተን ትካላት መንእሰይ ይቖጽራ። እቲ ስራሕ ብኣንጻሩ ዕድመ ዝሓለፎ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ ስራሕ እዚ ከኣ ብመንእሰያት ክዕየ ኣይከኣልን'ዩ ዝብል መረዳእታ ክህሉ እንከሎ ኣብኡ ናይ ዕድመ ገደብ ይግበረሉ።

ንድሌት ክትሕግዝያ ዝጀመርክሉ ቀንዲ ምኽንያት ርእሳ እትኽእል ሰብ ንምግባራ'ዩ ይመስለኒ። ኣብ ሓንቲ ካብ ደብዳበታትኪ ከኣ ንዓኣ ምሕጋዝ ክሳብ ክንደይ ግዜኺ ትወስደልኪ ከም ዘላ ሓቢርክኒ ኔርኪ። ብትኽእክል ክዝክሮ እንተኽኢለ ከኣ ንዓኣ ርእሳ እትኽእል ሰብ ንምግባራ እንታይ ክትገብሪ ከም ዘለኪ ሓቲትክኒ ኔርኪ። ሕጂ እቲ ዝበልኩኺ ክደግሞ ኣይኮንኩን። ሓንቲ ነገር ግን ክነግረኪ። ርእስኻ ምኽኣል ቀሊል ኣይኮነን። ርእስኻ ክትክእል እትማሃሮ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ቅድም ሰብ ማንካ ሒዙ የብልዓካ እንተነይሩ ምስ ግዜ ባዕልኻ ማንካ ሒዝካ ክትብልዕ ትግደድ። ቅድም ሰብ ታተ የብለካ እንተነይሩ ምስ ግዜ ባዕልኻ ሰንከልከል እናበልካን እናወደቕካን እናተንሳእካን ክትንቀሳቐስ ትጅምር። ኣብኡ ከኣ ክንደይ ምልሕጻጽ፡ ደም ርኢኻ ምብካይን ኣሎ።

መም/ ኣብርሃለይ ሃብተ
ኣስመራ

# ካብ ህደር ጽጋኑ

መሓመድእድሪስ መሓመድ

# ኮሎኔል ሚካኤል - ኣቦ መካዘንትን ተወፋይነትን

(21 ክፋል)

ሜጀር ገብረመስቀል ገብረገርግሽ - ፋየር ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ 1988 ኣብ ሻባይ መንደር (ኣፍዓበት) ዝነበረ ጋራጅ ታንኪ ምስ ስውእ ሚካኤል ፍሰሃየ ዝወዓሎ ውዕሎ ክትርኽ ከሎ ከምዚ ይብል።- "መቸም ኣብ ምድምሳስ "ናደው እዝ" ዘመናዊ ኣጽዋር ማለት 130 ሚ.ሚ. መዳፍዕን ቢ.ኤም-21 (ፋሉል) ወንጨፍቲ ሮኬታትን ክንውንን በቒዕና። ቅድሚኡ ግን እዚ ብረት'ዚ ክድብድበና እንተዘይኮይኑ ደብዲብናሉ'ውን ዘይንፈልጥ ብምንባርና፡ ምስ ክብደቱን ቁመቱን በተን ካራዝ ዝዓይነተን ወተሃደራውያን መካይን እንተዘይኮይኑ በተን ዝነበራና መካይን፡ ምስቲ ዝነበረና ጸቢብ መንገድታት ክነንቀሳቕሶን ክንዋገኣሉን ከቢድ ብድሆ ነይሩ። ግን ብሳላ ምህዞን ተበላሓትነት ሞያውያን ሰውራ ኣውራ ድማ ሓሳብን ኢድን እቲ ኣቦ መሃዝነት ስውእ ሚካኤል ፍስሃየ ተሓዊሱ፡ ከምዝዕወት ኣነን መሳርሕተይን ምሉእ እምነት ነይሩና። ንሱ ነዚ ብረት እዚ ኣብተን ብኣደታት ዝፍለጣ ስቼምስ ዝዓይነተን ማርቼድስ ክስቀል ከምዝኽእል ምስ ኣዘዝቲ መከናይዝድ 74። ሜ/ጀነራል ሮመዳይ ኣውልያይን ብ/ጀነራል ተኪአ ርእሶም (ብላታ)ን ኮይኑ፡ ነቲ ዕማም ክገልጸለይ ከሎ፡ ኣነ'ውን ከምታ ንሱ ዘልመደኒ 'ጸገም የለን' ብምባል ነቲ ስራሕ ብዘይወዓል ምስ መሳርሕተይ ባህታ ሚካኤል ኮይኑ ነቲ ዝተዋህባና ስራሕ ክንጅምሮን ግዜ ኣይወሰደናን። ሽዑ ይዝከረኒ እቲ ስውእ ሚካኤል ዝሃበኒ ዕዮ ግዛ ክነሳልጥ ድቃስ ስኢንና፡ ኣብ ኣፍዓበት ጥሮ ዝብል መጸገኒ ጋራጃት ኣይጸንሓናን። እቲ ጸገም ድማ እሱ ኔሩ እምበኣር ኣብ ጋራጃት ሂምቦልን ዓምበርብብን ወይ እቲ ዝቐረበ ጋራጅ ናቕፋ ነቲ ዘድልየና ዝነበረን ሓሳባት ስውእ ሚካኤል ዘስምረሉ መጸገኒ ነገር ክረክብ ድማ ክንየ ግድነት ኮነ።

ኣብ መጠረሽታ እታ ኣጋዳሲት ተቑራሪጻ እትለሓም ሓጺን ንምርካብ ሞስኮቪች ዝዓይነታ መኪና ገይረ ሰለስተ ሳዓት ዝኣክል ንኣፍዓበት ዝኾለልኩሉ ስራሕ ድማ ብዘይ ወዓል ሕደር ቀጺልናዮ። ነታ ናይ ሰለስተ ሜትሮ ቁመት ዘለዋ ሓጺን ብ50 ሰ.ሜ. ቀራሪጽ ናብ ክልተ ወገን ናይታ 130 ክትጽዕን ተዳልያ ዝነበረት ማርቼድስ ብምልሓም ሰዓት 6፡00 ምሸት ድሕሪ 30 ደቒቕ እቲ ዝተበገስናሉ ስራሕ ብዓወት ዛዚምናዮ። ድሕሪ'ዚ ስውእ ሚካኤል ሓሳብ እናሃበን ንሕና ድማ ገለ እናጸንጸልናን ገለ እናለሓምናን፡ ንመጀመርታ ግዜ 130 ኣብ ዝባን ማርቼድስ ከምዝውጣሕ ገርናዮ። ድሕሪ'ዚ ድማ እቲ ብሓንቲ ማርቼድስ ዝጀመረ ስራሕ ሓደ ክልተ እናበልና 130 ናብ ካልኦት ማርቼድሳት'ውን ከምዝስቀል ጌርናዮ። ምስ ተዓወትና ኸኣ፡ እቲ ፍሬና ብሓጎስ ናብታ ተዳልያ ዝነበረት ስርሒት ብምፍናው ጸላእትና ደሲ`ቕናሉ። ስለዚ ተራ ዝሕብን'ዩ። እንተ'ተን ብተበላሓትነት ስውእ ሚካኤልን ብጾቱን ካብ ምጽዓን ስንቅን ሰራዊትን ሓሊፈን ንመጀመርታ ግዜ፡130 ዝተሰቅለለን ማርቼድሳት ሰውራ ኣብ ልዕሊ ግርመኣን ግርማ ረኺበን። ሽዑ እቶም ሰራሕተን ጀርመናውያን እንተዝርእዩወንከ እንታይ ምበሉ?



ጃጓር፡ ኮማንደር ታይገር - ሓወልቲ ጽንዓትን ተወፋይነትን

ግዜ'ውን ኣይርሰዖን። ኣብ መንጎ ግን ሓኪም ክ/ሰ-70 ዶ/ር ዓዚዝ ኣማዕድዩ ምስ ረኣየኒ፡ 'ፋየር፡ ፋየር ነዓ ሻሂ ስተ' ክብል ተዳሃየኒ። ኣነ ድማ ቀደም ቲቢ ሓሚመ ከለኹ ሓኪመይ ስለዝነበረ፡ ሰላም ክብሎ ናብኡ ተኣልየ ሻሂ እናሰተኹ ከለኹ ግን ነታ ተካል ዘውዓለትኒ ሓጺን ብወዝቢ ኣብዘይሓሰብኩዎ ቦታ ምስ ረኸብኩዋ፡ ሻሂ ሰትየ ድየ ኣይሰተኹን ኣይዝክረኒን

ስውእ ሚካኤልን ብጾቱን ኣብ ኩናት ኮነ ሰላም መወዳእታ ኣይነበሮን" ይብል።

እወ፡ ብሳላ ስውእ ሚካኤልን ብጾቱን ኣብ ዝባን ማርቼድስ ክስቀል ዝበቕዐ 130፡ ንመጀመርታ ግዜ ጸላእትና ብናይ ገዛእ ርእሱ ዘመናዊ ኣጽዋሩ መንዝዕና ጥራይ ዘይኮነ ምሂዝናን ተበላሒትናን ክንድምስሱ ብምብቃዕና ባዕልኻ ክትግምቶ ዝከኣል'ዩ። ብዘይካ እዚ'ውን ኣባላት ጽገና ጋራጅ፡ ዝተፈላለየ ብረታት ኣብ ዝባን ሞስኮቪች፡ ሲሲፒ፡ ቶዮታ፡ ኣይቬኮ ዝዓይነተን መካይን ከምኡ'ውን ኣብ ባሕሪ ከይተረፈ - ኣብ ዝባን ፈጣናት ጀላቡ ሰቒሎም ጸላእቶም ክድብድቡሉን ነታ ብሃንቀውታ ንጸበያ ዝነበርና ናጽነት ክነቀላጥፈሉን በቒዕና። 130 ድማ ካብ ካራዝ ናብ ዝባን ማርቼድስ ምስተቐየረ'ዩ ስነ-ጥበበኛ ወዲ-ትኹል። "ማርቼድስ ሰራዊት ሒዛ ሰራዊት፡ ሚእትን ሰላሳን ተሰኪማ ቁድሳን" ክብል ነቲ በዓል ስውእ ሚካኤልን ብጾቱን ዝሰርሕዎ ድንቂ ስራሕን ካልእን ብደርፊ ኣሰንዩ ዘመጕሰ።

ካልእ ምስ ተዘክሮታት ስውእ ሚካኤል እትኸይድ፡ ነታ ኣብ 1977 ኣብ ሰሓርቲ ዝተሰልበት ቀዳማይቲ ናይ 100 ሚ.ሚ. ታንኪ፡ ደሓር ኮማንደር ቁ.1 ዝተሰምየት እያ። እዛ ታንኪ ኢድን ሓንጎልን በዓል ስውእ ሚካኤል ዝሓለፈላ ታንኪ ራሻ ኣብቲ ነዊሕ ናይ ምርብራብ ኩናትን ወራራትን ንዓኣ ዝመስላ ኣማኢት ታንክታት ምስ ወለደት፡ ኣብቲ ድሮ ዓወት ዝግበር ዝነበረ ግጥማት ምስ ብጾታ ኮሪዓ ኣብቲ ኣብ ለካቲት 1990 ስርሒት ፈንቅል ተሳቲፋ። እዛ ታንኪ'ዚኣ ኣብ ዓደምዘማት 1977 ምስ ተሰልበት ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ቆላን ከበሳን። ሳሕልን ባርካን ኣብ ጎድኒ ጅግና ተጋዳላይ ኮይና ዝተዋገአት ታንኪ'ያ።

ኮማንደር ቁጽሪ ሓደ ግን ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ኣይቀጸለትን። ኣብታ ስርሒት ምስ ብጾታ ተሳትፋን ተዓዊታን ጥራይ ዘይኮነ፡ ተበጅያ እያ'ውን። እወ እዛ ኣብ መስከረም 1977 ምስ ተማረኸት፡ ኣብ ምጽጋና ተራ ስውእ ሚካኤል ቀሊል ኣይነበረን። ግን ነቲ ኣብ 1977/78 ብኻላሽን ጥራይ ዝነበረን ዝፈሸለን ውግእ ባጽዕ ብሳላ ኮማንደርን ብጾታን ተዓዊቱ። ኮማንደር ድማ ነቲ ኣብ ከባቢ ፋብሪካ በረድ ዝነበረ ሰራዊትን ተሸከርከርትን ጸላኢ እናሓማተለት፡ ነተን ዙ-23 ረሸራሻት ዝጸዓና ኦራልን ሲሲፒን ረጋጊጻ ምስ ሓለፈት'ያ ምስቶም ኣብ ውሽጣ ዝነበሩን ዝተሰውኡን ጀጋኑ ምዕራፋ ዝዛዘመት። እቶም ኣብ ውሽጣ ዝተበጀዉ ጀጋኑ ንምዝካር ድማ፡ ተኽለ በየነ (ዳሞ)፡ ኣለም ኣብርሃ (ቦቢ)፡ ወረደ ሃብቶም፡ ወልደገብረኤል ወረደን ደስበለ ገብሩን እዮም። ሎሚ ድማ ኮማንደር ኣብ ማእከል ጃጓዋርን ታይገርን ብጾታ ኮይና ታሪኽ ክትነግር ኣብ ጥዋለት ነባሪት ሓወልቲ ብምዃን ምልክት ጽንዓትን ተወፋይነትን ገድልና ኮይና ኣላ።

ስውእ ሚካኤል እምበኣር ዝኽሩን ሞያኡን ኣብ ውሽጢ ሜዳ ኤርትራ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። ኣብ ወጻኢ ሃገራት'ውን ስሙን ዝና ውድቡን ዘማዕርግ ኣዝዩ ዕውት ዕማማት ኣሳሊጡ'ዩ። ካብቲ ብዙሕ ኣብነታት ሓደ ንምጥቃስ ድማ ኣብ ዝቕጽል ሕታም የራኽበና።

***ኣዘንታዊ ሜጀር ገ/መስቀል ገ/ገርጊሽ (ፋየር)***

***ይቕጽል....***





# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the positions of;

### 1. Senior Exploration Geologist (01)

**Major Duties and responsibilities:-**

- Project Implementation- Technical- Plan and implement exploration projects as defined by Chief Exploration Geologist. Directly supervised day to day activities of on-going field activities including contractors. Daily hands on monitoring of activities and results –adjust programs on the fly as required based on interpretation of results to provide best value added to the project. Timely communication of ongoing results to the superintendents. Plan longer term aspects of the project- monitor schedule, recommend changes when required. Ensure compliance with QAQC procedures
- Project management–Ensure awareness and compliance of health, Safety, Environment, and Community policies. Manage programs field logistics, data collection and database inputs as per company procedures ensure compliance of by staff and contractors. Maintain quality assurance and quality control of field work data collection and interpretation. Liaison and co-ordinate required logistics with contractors. Provide timely and effective reporting of activities
- Project Administration-Manage and promote an effective staff training and development program. Maintain and Monitor cost controls for company and contractor's work. Keep within budget, and schedule. Complete written reports of activities and results-daily summary, weekly update, and months end reports
- Constructive knowledge of Volcanogenic Massive Sulphide ("VMS") geological environment
- Advanced experience interpreting geological and geophysical data
- Leading cultural diverse exploration teams
- Advanced knowledge of interpreting geoscience data
- A truck record in exploration/target generation
- Successful contribution to the creation of a culture of strong and effective team work
- Demonstrated competency in VMS and volcanogenic sulphide terrains
- Strong, well rounded hands on experience
- An understanding of geophysics models and applications to base metal environments
- Strong command of the English language good oral and written communication
- Excellent interpersonal and leadership potential
- Strong organizational and communication skills

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | • Professional Geologist Registration.<br>• Bachelor of Science(BSc) in Geology |
| **Working Experience – Nature & Length** | • Minimum 5 years Exploration Experience Minimum 2 years Volcanogenic Massive Sulphide("VMS")<br>• Base Metal sulphide experience -preferred |
| **Leadership Experience – Nature & length of time** | • Minimum 2 years supervisory experience.<br>• Key contributor to exploration successes. |
| **Other skills and abilities** | • Technical competence in Geographical Information Systems.<br>• Demonstrated technical competence in all aspects of front line exploration planning and implementation. |

### 2. Senior Geotechnician (1)

**Major Duties and responsibilities**

- Geologist Support :
  - Provide general support to Geologists
  - Geologist Support Collect and report geotechnical data
- Field Logistics and Drill Support:
  - location and verify drill collars in the field,
  - preparation sumps, water for drills
  - prepare environmental site disturbance permits
  - supervise and train Geotechnicians
  - vehicle maintenance
  - co-ordinate data and timely flow of information from Geotechnicians to supervisors
  - monitor and report technical and administrative information

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Diploma or Degree in a relevant field |
| Working Experience – Nature & Length | At least one year Experience as a Geotechnician |
| Leadership Experience – Nature & length of time | Must have demonstrable leadership skills |
| Other skills and abilities | Must be task-oriented.<br>Must have Good Computer skills<br>Must have Good Communications skills – verbal & written<br>Must have Good Math and Analytical skills<br>Driver's License is an asset – off-road driving experience<br>Must be Physically Fit, strong, be able to work long shifts (sometimes at night)<br>Must be able to Work well with others, be a Team Player<br>But also be able to work independently<br>Must have a sense of responsibility |

### 3. Geotechnician (1)

**Major Duties and responsibilities**

- Drilling -- Data Collection – at the drill and in the Core shed – including collection of RQD, XRF, magnetic susceptibility measurements.
- Driving – transport of people and equipment to/from the field.
- Other related Exploration work

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Senior High School Graduate |
| Working Experience – Nature & Length | 1-year experience in a mining environment as a sampler or a geotechnical |
| Leadership Experience – Nature & length of time | Not required but preferred |
| Other skills and abilities | Must be task-oriented.<br>Driving License is an asset – off-road driving experience,<br>Must be Physically Fit, strong, be able to work long shifts (sometimes at night) in remote areas<br>Must have Good Communications skills – verbal & written<br>Must have Good Math and Analytical skills<br>Must be able to Work well with others, be a Team Player<br>And be able to work independently |

### 4. Process Plant Flotation Training Supervisor (1)

**Major Duties and responsibilities:-**

- Evaluate the performance of the flotation circuit.
- Guide, mentor, support, support the national operating staff.
- Evaluate the performance of the national operating staff, producing written and verbal recommendations.
- Work on shift coordinating floatation training while maintaining the integrity of the circuit.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Certification in process operations is advantageous but not mandatory but must have prior experience as a process trainer. |
| Working Experience – Nature & Length | This candidate must have a minimum of 10 years process plant experience including at least 5 years working with flotation circuits. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | 5-8 years in a process plant supervisory role. |
| Other skills and abilities | Must liaise with various departments including the process plant trainer |

### 5. Electrical Supervisor (1)

**Major Duties and responsibilities:-**

- Layout and electrical design ensuring that all electrical requirements are met
- Planning, detaining and scheduling of the various projects

- Supervising the electrical installation to international safety and electrical standards
- QA/QC and final testing of electrical circuits after installation
- Commissioning of electrical installations
- Responsible for safety on the jobsite and the required safety and on the job training to worker teams to carry out installations in a safe manner
- Timekeeping, costing and accounting
- Materials take –off and place order for the required materials
- Budget layout and control
- Need to be able to read electrical drw's and actions in-house layout and designs
- Practical and fault finding, problem solving experience
- Knowledge of compatible equipment, project timelines
- Excellent understand in international safety and installation standards

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma in Air Conditioning and refrigeration systems.<br>• Basic Automotive Air Conditioning Certificate<br>• SAQCC Gas Practitioner CAT 3 & 5 Card Holder.<br>• FOA Accredited Technicians course in Fiber Optic Splicing.<br>• Authorized in 11 & 22KV substation switching.<br>• Senior Technical Official with ORHVS<br>• Certificate N2 and Red Seal Qualified Tradesman |
| Working Experience – Nature & Length | • Electrical Maintenance, Construction installations, HV installations & maintenance in total 15 years mining sector experience.<br>• Production drill, blast, loading and hauling, dewatering in total of 7 years' experience.<br>• In total 22 years of mining and construction environment work experience. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | • 8 years supervisory level on electrical construction and maintenance.<br>• 7 years supervisory level on mining and production. |
| Other skills and abilities | • Report writing, risk assessments.<br>• Supervisor in charge of construction of process plant, (crushing, screening, pumping, conveyors)<br>• Electrical maintenance and fault finding on process plants.<br>• Maintenance and fault finding on variable speed drivers and soft starters.<br>• Electrical fault finding and repairs on building and houses.<br>• Construction and fault finding of 11 & 22 KV overhead power lines. Joint plus termination.<br>• Gas testing and Flame proofing |

**6. Structural Supervisor (1)**

**Major Duties and responsibilities:-**

- Detailing, scheduling and planning of all the various projects
- Material take-off and order placement for materials required to commence and construct the buildings
- Compiling of budget for approval and the management thereof
- Responsible for safety on the jobsite and the required safety and on the job training to co- worker teams to carry out installations in a safe manner
- Training co- workers to use specialized equipment and the correct ways to work at heights
- Timekeeping, costing and accounting
- QA/QC and the placement of proper installation procedures in place for all structural and mechanical works
- Guidance in sequence off installation on all structural works and all structural elements
- Implementing the codes of structural elements
- Report writing and risk assessments
- Practical and faultfinding, problem solving experience
- Knowledge of project timelines and compatible equipment
- Excellent understanding in international safety and installation standards
- Need to be able to read construction drw's and action layouts and designs

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Certificate in PC engineering<br>• National & Overseas QA/QC evaluation course and the implementing off in work areas<br>• National & Overseas construction supervision course including construction methods and specifications.<br>• National & Overseas building inspector course. |
| Working Experience – Nature & Length | • Infrastructure & commercial supervision 5x years' experience<br>• Process & mining construction supervision 8 years' experience. |
| Leadership Experience – Nature & length of time | • 6 years' experience in structural accommodation and building structures in various countries in Africa.<br>• 2 years process plant construction supervision in Africa. |
| Other skills and abilities | • Maintenance on all construction equipment and buildings.<br>• Supervision in charge of the construction of mill, crusher, filter press building, flotation buildings.<br>• Basic survey and civil construction experience.<br>• Good understanding of building wiring diagrams and the installations thereof.<br>• Good understanding of all plumbing and services installations and the installation thereof. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Bisha.
- **Type of contract:** Indefinite period
- **Salary:** As per Company salary scale.
- **Additional requirement for Nationals:**
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to;**
**Bisha Mining Share Company**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs,**

**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**


# ሓዳስ መጽሓፍ




ደቅና ወነንቲ፡
- ✓ ድልዱል ጥዕና
- ✓ ፍሉይ ኣእምሮኣዊ ብልሒ
- ✓ ድልዱል ማሕበራዊ ዝምድናታት
  - ❖ ብድስፕሊን ዝተሃንጹ፡

ክምኡ' ውን
ኣብ ትምህርቶምን ሓፈሻዊ ንቕሓቶምን ጸብለል ዝበሉ ኮይኖም ንኽዓብዩ፡ ወለዲ ክንክተሎ ዘለና ኣልያን ክንክንን ብደቂቕ እተስተምህር ፍልይቲ መጽሓፍ!

"...ብሉጻት ቆልዑ ከተዕብዩ ንእትብህጉ ወለዲ ዝምነያ መጽሓፍ" ዶክተር ሰናይት ባህታ
"... ደቁ ኣብ ማዕርግ ዘብጸሐ ወላዲ እውን እንተኾነ ከንብባ ዘለዎ ፍልይቲ መጽሓፍ" ዶክተር ነጋሲ ልኣከ
"... ኩሎም ግዱሳት ወለዲ ከንብብዋ ዘለዎም ኣገዳሲትን እዋናዊትን መጽሓፍ" ፕሮፌሰር ኣበበ ክፍለእየሱስ

ኣብ 'ስተሽነሪታት፡ ንዝኾነ ውከሳ
ብመስመራት፡ 07236672 /119857 ተወከሱ


# ምልክታ

ወ/ሮ ብስራት ገብረመስቀል ብርሃነ ዝተፈቕደለን ናይ ኮስሞቲክስ ንግዳዊ ትካለን "ጸሓይ ብራቕ ኮስሞቲክስ" (SUN RISE COSMOTICS) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ኣነ ኣበባ ተ/ብርሃን ስብሃቱ ዝተባሃልኩ፡ ኣብ ጎደና መጎሎ ቁ.ገዛ 11A 119 ዝርከብ ትካልና ኤሌክትሮኒክስ 1/1/2014 ስለዝዓጸና ንብረት ኣሎና ዝብል እንተሎ ብቁ.ቴ 07124835 ንብረቱ ክርከብ ኣብዚ ውሽጢ ወርሒ ንዘይመጽእ ተሓታቲ ኣይኮናን (ቦታ ዕዳጋ ሓሙስ)።

ኩብሮም ናይዝጊ

# ንኣፍልጥ

ሃብቶም ጸጋይ

## ዝሃብተሙ ተዋሳእቲ ዓለም - 2014

ሆሊውድን ቦሊውድን ኣብ ዓውዲ ንጥፈታት መዘናግዒ ብሓፈሻ፡ ኣብ ኢንዱስትሪ መፍረ ፊልም ድማ ብፍላይ ኣዝዩ ግኑን ተፈላጥነት ከምዘለወን ይፍለጥ። ሆሊውድ ኣብ ከተማ ሎስኣንጀሎስ ዝርከብ ቦታ ኮይኑ፡ ሰፍራ ዓበይቲ ምስ ኢንዱስትሪ ፊልምን ሙዚቃን ዝተኣሳሰሩ ንግዳውያን ንጥፈታት ኢዩ። ቦሊዉድ ድማ ኣብ ከተማ ሙምባይ ዝርከብ ዓርሞሽሽ ናይ ህንዲ ፊልምታት ዝፈርየሉ ህንዳዊ ኢንዱስትሪ ኢዩ። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ገዝፍቲ ኢንዱስትሪታት ዓመታዊ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ፊልምታት ይፈርዩ። ኣምሳይሉ ድማ ኣዝዩ ርቡሕ ዝኾነ እትዋት ይርከበሎም። ኣብዘን ብሆሊውድን ቦሊውድን ዝፈርያ ፊልምታት ዝዋሰኡን ዝሳተፉን ስነጥበበኛታት ካብዚ ዓውዲ ዝረኽብዎ እቶት ኣዝዩ ልዑል ኢዩ። መጽሔት ፎርበስ ኣብ ፊልም ኢንዱስትሪ ካብ ዝነጥፉ ተዋሳእቲ ዓለምና ናይ 2014 ዝሃብተሙ ውልቀሰባት ዝሓቖፈ ዝርዝር ኣውጺኣ ነይራ። ካብቶም ኣብዚ ዝርዝር ዝኣተዉ ተዋሳእቲ፡ እቶም ቀዳሞት ዓሰርተ ካብዞም ዝተገልጹ ክልተ ዓርሞሽሽ ትካላት መፍረ ፊልም ዝተረኽቡ ኢዮም።

1. ጄሪ ሲንፊልድ -
ኣመሪካዊ ኮመዲያን ጀሮም ኣለን ሲንፊልድ ኣስታት 820 ሚልዮን ዶላር ሃብቲ ዘለዎ ዝሃብተመ ስነ ጥበበኛ ኢዩ።

2. ሻህ ሩክ ክሃን
ህንዳዊ ኮኾብ ተዋስኣይ ሻህ ሩክ ካሃን ኣብ ልዕሊ 75 ህንዳውያንን ኣህጉራውያን ፊልምታትን ተዋሲኡ ኢዩ። ዘለዎ መጠን ሃብቲ ልዕሊ 600 ሚልዮን ዶላር ብምብጽሑ ኣብዚ ዝርዝር ብኻልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ።

3. ቶም ክሩዝ
ወዲ 51 ዓመት ኣመሪካዊ ቶም ክሩዝ ሓደ ካብቶም ፍቱዋት ተዋሳእቲ ዓለምና ኢዩ። ኣብ ካሊፎርንያ ንዝርከብ ቢቨርሊ ሂልስ ዝጽዋዕ ግሩም መንበሪ ቤቱ ሓዊስካ ናይ 480 ሚልዮን ዶላር ወናኒ ኢዩ።

4. ጆኒ ዴፕ
ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ፊልም ኣፍራዪ ትካል ዘለዎን ኣብ ብርክት ዝበላ ልዑል ኣታዊ ዘኻዕበታ ፊልምታት ዝተዋሰአን ኢዩ። እዚ ወናኒ ኩባንያ ኢንፊኒቱም ኒሂል መፍረ ፊልም፡ ዘለዎ ሃብቲ 450 ሚልዮን ዶላር ኣመሪካ ኢዩ።

5. ቶም ሃንክስ
ተዋሳኣይ፡ ጸሓፍን ኣፍራዪ ፊልምን ኣመሪካዊ ቶም ሃንክስ ብዘኻዕበቶ 390 ሚልዮን ዶላር ኣብ ሓሙሻይ ተርታ ተሰሪዑ ኣሎ።

6. ኬኑ ሪቭስ
ካብ ማትሪክስ ዝተሰመየት ፊልም ብዙሕ እቶት ዝረኸበ ካናዳዊ ተዋስኣይ ዝኾነ ሪቭስ ወዲ 49 ኮይኑ፡ ወናኒ 350 ሚልዮን ዶላር ክኸውን ዝኸኣለ ኢዩ።

7. ሲልቨር ስታሎን
ራምቦ ዝብል ገጸ ባህሪ ሒዙ ዝተዋሰአ ሲልቨር ስታሎን ሓደ ካብቶም ገዳይም ተዋሳእቲ ሆሊውድ ኢዩ። ብተወሳኺ ከም ኣፍራዪ ፊልምታት ኮይኑ ዝዓዪ ኮይኑ፡ ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድሚኡ ወናኒ 275 ሚልዮን ዶላር ብምኳኑ ሻውዓይ ዝሃብተመ ተዋስኣይ ዓለም ኮይኑ ይርከብ።

8. ሊዮናርዶ ዲካፕሪዮ
ኣብ ፊልም ታይታኒክ ኣዝዩ ልዑል ተፈላጥነት ዝረኸበ ወዲ 39 ዓመት ዲካፕሪዮ ኣብ ዝርዝር ቀዳሞት 10 ሃብታማት ተዋሳእቲ ካብ ዝኣተዉ



ዉልቀሰባት ብዕድመ ዝነኣሰ ኢዩ። 215 ሚልዮን ዶላር ዝልካዕ ሃብቲ ድማ ይውንን።

9. ዊል ስሚዝ
ጸሊም ኣመሪካዊ ዊል ስሚዝ ምስ ቀዳሞት 10 ሃብታማት ተዋሳእቲ ዝተሰርዐ እንኮ ጸሊም ኣመሪካዊ ኢዩ። ሓደ ካብቶም ብሉጽ ናይ ምውሳኽ ተውህቦ ከምዘለዎም ዝግለጹ ናይ ሆሊውድ ኮዋኽብቲ ዝኾነ ዊል ስሚዝ ብ200 ሚልዮን ዶላር እቶት ኢዩ ኣብ ታሽዓይ ተርታ ተቐሚጡ።

10. ሳልማን ካሃን
ሓደ ካብቶም ጸለውቲ ተዋሳእቲ ቦሊውድ ኢዩ። ህንዳዊ ሳልማን ካሃን ኣብ ኣዝዮም ብዙሓት ፊልምታት ብብቕዓት ዝተዋሰአ'ውን ኢዩ። ናይ ኣስታት 200 ሚልዮን ዶላር



ሃብቲ ስለዘለዎ ድማ፡ ኣብ ዝርዝር ዝሃብተሙ ተዋሳእቲ ዓለም ናይ 10ይ ደረጃ ቦታ ክሕዝ ክኢሉ።

# ሙዚቃ

ሊ.ቃውንቲ "ኪነ-ጥበብ" ዝብል ኣምር ኣብ ውሽጡ ዝተፈላለዩ ጥበባት ዝሓቁፍ ከምዝኾነ ይገልጹ። እቶም ኣብ ትሕቲ ስነ ጥበብ ዚመሕደሩ ኣካላት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፦
=> ስእላዊ ጥበብ
=> ቅርጻዊ ጥበብ
=> ድምጻዊ ጥበብ
=> ተዋሶኣዊ ጥበብ - (ግብጻዊ፡ ምብራቓዊ ከምኡ'ድማ ምዕራባዊ ተባሂሉ ይኽፈል።)
=> ጽሑፋዊ ጥበብ

ድምጻዊ ጥበብ፡ ብመጀመርያ ተፈጥሮኣውን ባህሪያውን ጠባያት ስለዘለዎ፡ ቀጺሉ ከኣ ጣዕመ ድምጺ ሒዙ ኣብ ውሽጢ ኣካል ወዲሰብ ብምስራጽ፡ ብረምታ ትርግታ ልቢ ቀጽበታዊ ስቕታን ህርመት ከበሮ ልብን የስምዕ። ወዲሰብ፡ ዝተዓደሎ ተፈጥሮኣውያን ናውቲ ሙዚቃ ዝኾኑ ጎረሮ-ድምጺ (vocal cords) ኣለዉዎ። በዞም ናውቲ ኣቢሉን ብሓገዝ መናፍሕ ሳንቡእ ተሰንዩን ከኣ ድምጺ የመንጩ።

ሙዚቃ መሰረታዊ ጥበብ ክኸውን እንከሎ፡ ድምጺ ከኣ መሰረታዊ ባእታ ናይ ሙዚቃ ኢዩ። በዚ ድማ ምትእስሳር ድምጽን ሙዚቃን ኣዝዩ ስጡም ኢዩ። ሙዚቃ ብድምጺ ፈሊሙ ብድምጺ ዝውድእ ናይ ገዛእ ርእሱ ህልውና ዝሓዘ ኢዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ንሙዚቃ ካብቶም ካልኦት ስነ ጥበባት ኣዝዩ ፍሉይ ይገብሮ። ኣብዚ ሓቂ ተሞርኲሶም ድማ ኢዮም ሊ.ቃውንቲ ንሙዚቃ ዓለምለኻዊ ናይ ሓባር ቋንቋ ክብሉ ዝገልጹዎ። ወዲሰብ ንሙዚቃ ኣበይን መዓስን ኣትሒዙ ብናውቲ ሙዚቃ እናተሰነየ ከዘውትሮ ከምዝጀመረ ዝተፈልጠ ነገር ኣይነበረን። ኣብዚ እዋን'ዚ ግና፡ እቲ ብኽኢላታት ኩዕታ ዝተመዝገበ ሓበሬታ ከምዘነጽሮ፡ ዕድሚኡ 25,000 ዓመታት ከምዝገበረ ዝተኣመነሉ፡ ኣብ ፈረንሳ ዝተረኽበ፡ ካብ ዓጽሚ ዑፍ ዝተሰርሐ ጥንታዊ ሻምብቆ ነቲ መልሲ ናይቲ ሕቶ ናይ ምምላስ ኣንፈት ክህብ ክኢሉ ኣሎ።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ግብጻውያን ኣብ ትልሂቶም፡ ከበሮን ሻምብቆን (ናውትታት ሙዚቃ) የዘውትሩ ነይሮም። ብተመሳሳሊ'ውን ኣይሁዳውያን ንኣምልኾን ምስጋናን ብበገና ገይሮም ይዝምሩ ምንባሮም ይዝንቶ።

ሙዚቃ ዝተፈላለዩ ክፋላትን ጠባያትን ናይ ድምጺ ዝሓቖፈ ኢዩ። እቶም ንሙዚቃ ዘቖሙ ጠባያት ድምጺ ፦
=> ህርመት (rtythm)
=> ዜማ (melody)
=> ውህደት (harmony)
=> ኣሰራርዓ (texture)
=> ቃና (tone) ኢዮም።

ናውቲ ሙዚቃ ዝበሃሉ ኩሉ ዓይነታት ሙዚቃ ጣዕመ ዜማ ከምዝህልዎ ዝገብሩ፡ ረቂቕ ድምጻዊ መግቢ እናመንጨዉ ንዘያምን ዜማታትን ዘሰንዩ ኢዮም። እዞም ዝተፈላለዩ ናውትታት ሙዚቃ ብዓይነት ይፈላለዩ ኢዮም። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ኣጠቓቕምኦም ብመጠን ባህልን ልምድን ቦታታት ክፈላለዩ ናይ ግድን ኢዩ።

ንዓለማዊ ባህርያት ሙዚቃዊ ጥበብ ንምጽናዕ ተመራመርቲ፡ ህዝብታት ንዝርእይዎ ናይ ጥንታዊ ስልጣኔ ኣንፈትን ሓድግታትን ቅርስታትን ከም መሰረታዊ ረቛሒ ብምውሳድ፡ ኣብ ሸውዓተ ክፋላት ወይ ከባቢታት ይኸፍሉዎ። ንሳቶም ከኣ፦

- ናይ ምስሪ
- ናይ ሰሜን ምብራቕ ኤስያ
- ናይ ምዕራብ ኤስያ
- ናይ ደቡብ ምብራቕ ኤስያ
- ናይ ኤውሮጳ
- ናይ ማእከላይ ኣመሪካ
- ናይ ህንዲ

ኣብ ኤውሮጳ ሸሕ'ኳ ግሪኻውያን ኣብ ምምዕባል ሙዚቃ ቀዳሞት እንተነበሩ፡ ሮማውያን ምስ ገዝእዎም ግና እቲ ዝነበሮም ግሪኻዊ ሙዚቃዊ ምዕባለ ናይ ሮማ ገዓዘ። ኣብኡ ከኣ ሰፍሐን ዓቢ ለውጥታት ኣርኣየን። ኣብ ርሑቕ ምብራቕ፡ ሙዚቃዊ ታሪኽ ቻይና ካብ ቅድሚ 3000 ቅ.ል.ክ. ከምዝተጀመረ ይንገር። ጽሑፋዊ ታሪኹ ግን ብ2697 ቅ.ል.ክ. ኢዩ ዝፍልም። ታሪኽ ሙዚቃ ቻይና ምስ ሕርሻ ዝተተሓሓዘን ምስ መናፍስቲ ርክብ ኣለዎ ተባሂሉ ዝእመነሉን ኢዩ ነይሩ። ባህርያቱ ድማ ከምቲ ናይ ኤውሮጳ ሙዚቃ፡ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ነበረ። ናይ ጃፓን ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓያል ጽልዋ እምነት ቡድሂዝም ዝነበረ ኢዩ። ከምቲ ናይ ግሪኻውያን ባህርያት ሙዚቃ ብሓሳብ ደረጃ መሰረት ባህርያት ሙዚቃ ሮማውያን ዝኾነ፡ ናይ ቻይና ሙዚቃ ድማ ብኹለንትንኡ ንባህርያት ጃፓናዊ ሙዚቃ መሰረት ከምዝኾኖ ይንገር።

ምንጪ- መጽሓፍ ጠዓሞት ብመ/ም ኣስረስ ተሰማ

## ሕቶ ንሃብሮም

1. ወዲሰብ ክንደይ ዓይነታት ሽታ ክለሊ ይኽእል?
ሀ. 10 ለ. 100
ሐ. 1000 መ. 10000

2. ካብዞም ዝስዕቡ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ባሕሪ ዘይትዳወብ ኣውጽእ።
ሀ. ኬንያ ለ. ሱዳን
ሐ. ኡጋንዳ መ. ታንዛኒያ

3. ኣብ ቋንቋታተን ፊደላት ዘይዋቀማ ሃገራት ዋቀስ?
ሀ. ቻይናን ጃፓንን ለ. ቻይናን ህንድን
ሐ. ጃፓንን ሱዳንን መ. መልሲ የለን

4. ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ማዕረ ቁጽሪ መሰንገለ ኣለዎም።
ሀ. ሓቂ ለ. ሓሶት ሐ. መልሲ የለን

5. ካብ ኣብያተ ሲነማታት ኤርትራ እታ ፈለማ ዝተሃንጸት መን ኢያ? መዓስ ዓ/ም?

መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን
1. ሐ 2. ሀ 3. ለ 4. ሀ
5. ደም ካብ ልቢ ክወጽእ ከሎ ኦክስጅን ስለዘለዎ ቀይሕ ሕብሪ ይሕዝ፣ ናብ ልቢ ኣብ ዝኣትወሉ እዋን ድማ ኦክስጅን ስለዘይብሉ ሰማያዊ ሕብሪ ይሕዝ። እቲ ጻዕዳ ሕብሪ ደም ከኣ ምስ ህላወ ጻዓዱ ዋህዮታት ደም ዝተኣሳሰረ ኢዩ።




ጦብላሕታ ሽባብ

# ካብ ተራ ተዓዛባይ ናብ ተሸላሚ ‘ሶይራ’

ኣብ 6ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ክንሳተፍ ኣብ ጉዕዞ ከለና ንሓደ ፈላጥየይ ዓርከ፡ “ . . . ማይ ሳዋ ኣብ ናይ ማይ ስሓ ጎማ ገይርካ ኣምጽኣለይ። ማይ ሳዋ'ዩ ፈውሳ እዛ ሕማመይ። ማይ ሳዋ መድሃኒተይ'ዩ።” ኢሉ ከም ዘዕለሎ። ለበዋኡ ንምኽባር ከኣ ንመድሃኒት ዝኸውን “ማይ ሳዋ” ክምተማልኣሉ ኣዕሊሉና። እዚኣ ኸኣ ነታ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ሳዋ ናብ ስድራይ ኣብ ዝሰደድኩዋ ደብዳበ ነታ “ማይ ሳዋ ዳርጋ ስዋ” ዝበልክዋ ኣዘኪራትኒ። ኣብ ሳዋ ኩልኻ ሓደ ዓይነት “መንእሰያት” ግዲ ኮይንካስ ትፍልጥ ትፍልጥ ኢኻ እትብል።

ሳዋ ኣብ ዝኣትኹሉ እዋን ብዙሓት ናይ ሳዋ ኣሕዋተይ እየ ረኺበ። ኣብ 1ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት (ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት) ኢጋይሽ ታዕሊም ዝጽበዮም ኢና ዝነበርና። ሎሚ ብዝተፈልየ መልክዕ (ዳርጋ እቶም ዝዓበና ኴንና) ኣብ ዝተፈላለየ ጨናፍር ናይ'ቲ በዓል ተዓጠቕቲ ኴንና ምስ'ረኣኹ እዚ ዘይብሎ ሓጎስ ተሰሚዑኒ። ብዓንደ ርእሱ ኣሕዋተይ ምርካበይ'ውን ባህታ ክስመዓኒ ናይ ግድን እዩ። ምኽንያቱ ናብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ኤርትራ ተንቀሳቒሰ ዘሕድሩንን ዝቐበሉንን ንሳ'ቶም እዞም ናይ ሳዋ ኣሕዋተይ'ዮም። ሓደ እዋን ናብ ተሰነይ ምስ ብጹተይ ኣብ ዝተንቀሳቐስናሉ ናብ ሓደ ወዲ መስረዐይ ከድና። ብኣደኡ ዝተገብረልና ናይ ኣውደ-ኣመት እንግዶት ካብ'ተን ኣብ ሂወተይ ዘይርስዐን ኣውደኣመታት'ያ።

ቅድሚ ቅሩብ ዓመታት ናብ ዓሰብ ተንቀሳቒሰ ነይረ። ኣብ ካልኣይ ምሸተይ ኣብ'ታ ጎደና ሓርነት ናይ ከተማ ዓሰብ ዝኾነት ካምቦ ሱዳን ዘወር እናበልኩ እንከለኹ ምስ ሓደ ሳዋ ዝወለደትለይ ሓወይ ጎፍ ንጎፍ ተራኺብና። ናፍቖት ዝዓብለሎ ሰላምታ ምስ ተለዋወጥና ናብ እንዳ ሻሂኣም ወሰደኒ። ድሕሪ ምብልዐይ ምስታየይ ክኸፍል እኳ እንተበልኩ ኣይኮነለይን። ብድሕሪኡ'ውን ንሱ ኣብ ዘየለወሉ ጥራይ ከፈለ ናይ ምውጻእ ዕድል ነይሩኒ። እዚ ካብ'ቲ ዝረኸብክዎ ሓልዮት ብጭልፉ እዩ። ምስ ብዙሓት ናይ ሳዋ ኣሕዋተይ ኣብ ሳዋ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኣብ ዝተራኸብናሉ፡ “እከለ ኣበይ ኣሎ?” “ኣታ እታ እከሊትስ ሰለስተ ኣርባዕት ዓይላ ኢሎማ” “እከሊት ናብ ዩርፕ ከይዳ” “እከለ ዶክትረይት ይመሃር ኣሎ” “እከለ ብ ... ተመሪቑ” እናተበሃሃልና ደሃይ ሓድሕድናን ደሃይ ብዙሓት ፈለጥትናን ክንተሓታተት ከለና ብገለ ንሕጎስ ብገለ ኸኣ ከምሻሙ ንኸውን። ኣብ ዓሚዩ'ቑ ዝኸርታት ንኣቱ።

ኣሸበሸብ እቶም ኣብ ሳዋን ብኣኣን እትፈልጦም መንእሰያት እልቢ ከምዘይብሎም ኣጸቢቑ ይስቆረካ'ሞ፡ ንፌስቲቫል መንእሰያት ኢልካ ሳዋ ክትከይድ ከለኻ፡ ደሃይ መንእሰያት ደቂ ኤርትራ ብሓፈሻ'ውን ንምፍላጥ ከምእትኽእል ይርደኣካ። ኣብ ሳዋ ከኣስ ስቕ ኢልካ ትፍልጥ ትፍልጥ ስለ እትብል፡ ሓደስትን ኣገደስትን ሰባት'ውን ትኸስብ ኢኻ። ብኣረኣእያይ “ኣስቤዛ እንተደሊኻ ናብ ዕዳጋ፡ መንእሰያት እንተደሊኻ ናብ ሳዋ” ምኻድ የድሊ እየ ዝብል። ኣብ ሳዋ እትረኽቦ ትምህርትን መኽሰብን እዝን እትን እናበልካ ምዝርዛሩ ቀሊል ኣይመስለንን። ከም ዝዕጸድ ግራት ብሓደ ጫፍ ጀሚርካ ሓደ ዕማም ኣሳሊጥካ ጫፍ ክተብጽሖ ኣይከኣልን። ብዝጀመርካ ጀምሮ ኩሉ መወዳእታ ዘይብሉ ማእከል ጥራይ ክኸውን ዝኽእል'ዩ።

6ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል ንምብዓል ሳዋ ምስ ኣተኹ፡ “እቲ ጎላጉል ዘዕበየኒ ከምቀደሙዶ ይጸንሓኒ” እትብል ደርፊ እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዘማች) ትዝ ስለ ዝበለትኒ፡ “እቲ ጎላጉል ዘዐለመኒ፡ እቲ ጎላጉል ዘምሃረኒ ከምቀደሙዶ ይጸንሓኒ” እናበልኩ እግረይ ከይኣተወ ዘወር ኣብ ምባል'የ ኣትየ። ኣብ መንገደይ ሓደ ኣብ ግዜና ዓላሚ ዝነበረ ሰብ ረኺበ። ጽቡቕ ገይርና ሰላም ድሕሪ ምብሃሃልና፡-

“ሽዑ ነኣሽቱ ነይርኩም ሕጂ ግና ኣርኪብኩምና። በዓል እከለ ትምህርቲ ወዲኦምስ መምሃራን ከማን ኮይኖም”

እትብል ዘረባኡ ምስ ተፈላለና እናኣኳማሳዕኩዋ ነዊሕ ተሳልየ። “እምበኣር ክንዲ'ቶም ዓበይቲ ኢየታትና ኮንይና ኢና! እቶም እነድንቖም እንግረመሎም ዝነበርናስ ኣኻዓየ ዝብሉና እዋን እምበር ኣኺሉ! ብዙሕ ብዙሕ ሓሲበ።” “መማሃራን ኮይኖም” ዝበላ ከኣ'ሞ ብፍሉይ'ያ መሲጣትኒ። “መምህር ማለት እንታይ ማለት'ዩ?” ንዝብል ሕቶ ውሽጠይ ክምልስ ፈቲነ። መምህር ብርሃን ሕብረተ ሰቡ፡ እወ። መምህር ፈጣሪ ንዝፈጠሮም ሰባት ዝምስርሕ ሰራሒ፡ እወ። መምህር . . . እቲ መልስን እቲ እወን መወዳእታ ኣይነበሮን። የግዳስ ኩሉ ንትርጉም መምህር ንምግላጽ እኹል ኮይኑ ኣይተሰመዓንን። መምህር ልዑል ክብሪ ከምዘለዎ ስለዝፈልጥ “እቶም ኣብ 1ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ተዓዚቡቲ ዝነበርና፡ ተጸበይቲ ዝነበርና ኣብ 6ይ ፌስቲቫል ሕብረተሰብ ዝጽበየና መምህራን እምበኣር ኴንና” ኢለ እናተገረምኩ ጉዕዞይ ቀጺለ።

ኣብ ቦታ ቁሸት ገድሊ፡ ቁሸት ዞባታት፡ ምርኢት ኤግዚቢሽን ሰሚናራት እናተዘዋወርኩ'ውን ተዓዚበ'የ። ኣብ ቁሸት ገድሊ ብዙሕ ንገድልን መስገደላቱን ዝገልጽ ነገራት ተዓዚበ'የ። ብፍላይ ብሓደ ሓው እናተገልጸ ንነታጉ ዝምልከት ዝረኣኹዎ ትሕዝቶ ክሳብ ሕጂ ይገዝከረኒ ኣሎ። ሓደ ህጻን ኣብ ሳልሳይ ወራር ብዝተቐብረ ነታጉ ክልተ ኣእጋሩ ተቖሪጸን፡ ኣእዳው ብሻሸ ተጀኒኑ ከሎ ይረአ። ካብ ሕክምና ክወጽእ እንከሎ ጎረባብቱ ቤተሰብ እናበኸያ ክቕበልኦ ከለዋ የደንግጸካ። ልዕሊ ኹሉ ግና መጻውቱን ኣሕዋቱን ኮይኖም ዝስምዑኻ ቑልዑ ሓሓቖፎም እናሰዓምዎ፡ ንሱ'ውን እናሰዓሞም ብዓውታ ክበኽዩ ምስረኣኹ ከብደይ በሊያምኒ። ከምዛ ኣብ ቦታ ፍጻመ ዝንበርኩስ ድምጺ ውጭጨኣም ክሳብ ሕጂ ኣብ ሓንጎለይ የቃልሕ ኣሎ። ልዕሊ ኹሉ ግና እቲ ዝሰንከለ ህጻን ካብ ኣዲኡ ምስ ረኣየ መሳቱኡ ምስረኣየ ብዝያዳ ክንኽነኽ ምስረኣኹዎ ኣነ ውን ምስቶም ቆልዑ ብኽብኽ መጺኒ!!!! እንታይ ኣቢሱ? ንሓዋሩ ኽ ከመይ ክኸውን ይኸውን? ወለዱ እንታይ ይስምዖም ይህሉ? ዝብሉ ሕቶታት ንውሽጠይ ቅሳነት ኣይሃብዎን። ትርኢት ናይ'ቲ ቈልዓ ንብዓት ኣዲኡ ኮታስ ኩሉ እቲ ሃዋሁው ዘብኪ ስለዝነበረ ንብዓት ከይስዕረኒ ንመሓዛይን ሓብታን ሓዲገየን ንግዳም ወጺኤ። ኩናት እቲ ክፉእ ነገሩ ምስ ጀመረ ንሱ እምበር ሳዕቤኑ ዘየዐርፍ ምዃኑ'ዩ።

ኣብ ቦታ ምህዞን ሰንዓን ብዙሕን ኣደናቕን ፍርያት ቀሪቡ ነይሩ። ንዑኡ ምስረኣኻ “ንፈራዲኡ ይጭነቖ” ኢኻ እትብል። ልክዕ ንምዃን ካብ ሓድሓድ ዘይበላለጽ ቀዳማይ ካልኣይ እናበልካ ክትፈልዮ ዘጸግም'ዩ እቲ ትሕዝቶታት። ናብ ናይ ምርኢት ኣደራሽ እትው ክንብል ከለና፡ ኣብ 1ይ ሃገራዊ ፌስቲቫል መንእሰያት ተራ ተዓዛባይ ዝነበረ፡ ኣብ 6ይ ግና ተዓዋቲ ሽልማት ሶይራ ክኸውን ዝበቕዐ ናይ ሳዋ ሓወይ ረኺብና። ነዝስ ካብ ሩባ ናብ እምባ (from zero to hero) ክትብሎ ይከኣል'ዩ። ክንገብረሉ ዝነበረና ቃለ-መጠይቕ ረሲዕና ኸኣ ከይተረደኣና ካብ ሕውነታዊ ክሳብ እቲ ዘሸለሞ ጉዳይ በጺሕና።

መንእሰይ ዳዊት ኪዳነ ብንእሽትኡ ኣብ ከባቢኡ ዝርእዮ ዝነበረ ጭቃ ብዙሕ የተሓሳስቦ ከምዝነበረ፡ ድሕሪ ክንደይ ፈተነን ጻዕርን ከኣ ካብኡ ተዓዋቲ ሽልማት ሶይራ ክኸውን ዘብቕዖ ቀለም (ሕብሪ) ክዳሉ ከምዝኸኣለ እዩ ገሊጹልና።


“ብኸመይ ናብ ክምዚ ዝበለ ዓቢ ደረጃ ክተብጽሖ ክኢልካ?” ንዝብል ሕቶ፡-

“ፈለማ በብቑሩብ ብወሱን ዓቕን ኣብ ገዛይ ይሰርሖ ነይረ። ደሓር ግና ካብ ሃማመተኤ ናይ 200,000 ናቕፋ ልቓሕ ምስረኸብኩ በዚ ተተባቢዐ ብዝለዓለ ቀጺለዮ።” ብምባል መሊስዎ። እዚ መንእሰይ ምስጢር ዓወቱ ደጋጊምካ ከይተሓለልካ ምስራሕ ምንባሩ ይገልጽ። ልዕሊ ኹሉ ነቲ ንሽልማት ዘብቕዮ ስራሕ ዝምልከት ዝወሰዶ ትምህርቲ ኣይነበረን። ከባቢኡ ብግቡእ ብምንባብን ጻዕርን ኣወሃሂዱ ሳላ ዝሰርሖ ግና ተዓዊቱ። ዓበይቲ ሊቃውንቲ ዓለምና እኒ በዓል ይስሓቕ ኒውተን'ውን ብኸምዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚ ስርሓቶም ከምዝፈለሙ እንክንዝክር ከኣ ዳዊትን ካልኦት መንእሰያትናን'ውን ኣብ መንገዲ ግዙፍ ዓወት ከምዘለዉ ይበርሃልና። እዚ ስራሕ ትምህርቲ ማለት ኣብ ክፍሊ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ከባቢኻ ንዝርከብ ፍልጠት'ውን ከምዘየጠቓልል ዘርኣየ ኣብነት'ዩ።

\ኣብ ባህላዊ መዳያት'ውን ኣዝዩ ኣደናቒም ርኢታት'ዩ ቀሪቡ። “ኣታ ከመይ ዝበለ ግሩም ባህላዊ ሙዚቃን ደርፍታትን እባ'ዩ ዘለና! እዚ ከለና ኢና ካልእ ሃንፍንፍ ንብል ዘለና?” ሓደ ብቐረባ ዝፈልጦ ሽባብ ዝበለኒ'ዩ። ፈለማ ኣብ ልዕሊ ባህላዊ ደርፍታትን ወግዕታት ንፋዕራ ከምዘይነበሮ ስለዝፈልጥ፡ ይላገጽ ከይህሉ ኣተኩረ ጠሚተዮ። ኩሉ ዝረኣዮ ተመሲጡ ምስ ኣዕለለኒ ግና ኣሚነዮስ ንጽባሒቱ ኣንጊህና ያታዊ ጉጅለ ባህሊ ዞባ ማእከል ካብ ዘቕረበቶም ትሕዝቶታት ንምዕዛብ ናብ ቦታ ምርኢት ኣምራሕና። ነታ ባልዳይ እትብል ያታዊት ወግዒ ከኣ ተዓዚብናዮ። ባልዳይ እንታይ ማለት ምዃኑ ንሓደ ካብ ኣባላት እታ ጉጅለ ኣብራሃም ዘረአ (ወዲሃለቃ) ምስ ተወከስናዮ “ ባልዳይ ነዊሕ ዘመን ዘቑጸረ ወግዒ'ዩ። ሓደ ግዜ ኣብዚ ከባቢታት ብርቱዕ ጥሜት ነይሩ። ነቲ ጸዋግ ዘመን ነቲ ዘመነ ጥሜት ኣቦታትና ስጋይ ስጋኻ እናተበሃሃሉ፡ ኣጆኹም ነዚ ሕሱም ዘመን ክንሰግሮ ኢና እናተበሃሃሉ ጓሎም፡ ወዶም፡ ሰብኣዮም፡ ቆልዓ ሰበይቶም፡ ብጥምረትን ሓድነትን ስኒትን ፍቕርን ሰጊሮሞ። ነቲ እዋን'ቲ ኣቦታት ባልዳይ ኢሎም ይሰምይዎ። ባልዳይ ማለት ከኣ ሓደ ንኹን፡ ጥሙራት ንኹን፡ ኣጆኹም ነዚ ዘይስገር እዋን ክንሰግሮ ኢና ማለት እዩ” ብምባል ብቓላቱ ኣብሪሁልና። ኣብ ካልእ ቦታታት ዝተዓዘብናዮ ወግዒታት'ውን ብተመሳሳሊ ዓሚቑ ትሕዝቶ ነበሮ። ልዕሊ ኹሉ እቶም መንእሰያት ነቲ ወግዒ ብውልቃዊ ብመጽናዕቲ ከምዝሰርሕዎ ምስ ፈለጥካ ንስለ ጻዕሮም “ኣብራ'ኸኩም ብርከ ሓጺን ይግበረልኩም” ክትብሎም ትግደድ። ምትብባዕ እንተተገይርሎም ዝዓበየ ስራሕ ክሰርሑ ከምዝኽእሉ'ውን ይረኣየካ። እዚ ኣብ ባህላዊ ወግዕታት ዝግበር ጻዕሪ ነቲ “ባህላዊ ትንሳኤ” ዝብል ሃገራዊ (ራኢ) ቻርተር ሽቶኡ ኣብ ምውቃዕ ዝሕግዝ ብምዃኑ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ይግባእ።

ሃብቶም እዮብ

መጓዓዝያ ምድሪ



# ካብ ዝግትን

ዓንዶም ጸጋይ

## ትልሂት

ትልሂት ሓደ ካብ ዓይነታት ዓውዲ ስነጥበብ ኮይኑ ኣካላት ደቂ ሰባት ምስ ሙዚቃዊ ህርመት ብምውህሃድ ዝፍጠር ናይ ምንቕስቓስ ተግባር'ዩ። ትልሂት መዓስን ኣበይን ከምዝተጀመረ ዝሕብር ርጉጽ መግለጺ እኳ እንተዘየለ ቀዳሞት ተቐማጦ ምድሪ ንትልሂት ኣብ እዋን ኩናት ከም መግለጺ ሓድነቶምን ጥምረቶም ይጥቀሙሉ ምንባሮም ታሪኽ የዘንቱ። ከም መግለጺ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት መቐላውነት ዘመናዊ ትልሂት ካብቲ ቀዳሞት ሰባት ነንሕድሕዶም ንምርድዳእ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ናይ ምንቕስቓስ ሚላ ( ማይም ኢልና ንጽውዖ) ዝተሰረተ ምዃኑ የረድእ። ቀዳሞት ሰባት ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ዓይነት ሳዕስዒት ዛንታታት ንምንጋር፣ ወይ ድማ ክልተ ኣንጻር ጾታ ምስጢራዊ ዝኾነ መልእኽቲ ንምንግጋር ዝጥቀሙሉ ምንቕስቓስ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኣምር'ዚ ድማ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብምትሕልላፍ ናብዚ ሕጂ እዋን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ትልሂት በጺሑ ይርከብ።

ትልሂት ብሙዚቃዊ ህርመት ተወሃሂዱ ዝፍጸም ምንቕስቓስ ብምዃኑ ከም መግለጺ ባህታ ኮይኑ ይግለጽ'ዩ። ብተወሳኺ ልክዕ ከም ቀዳሞት ሰባት ሎሚ ውን ትልሂት ከም መግለጺ ዓወትን ፍስሃን ዘውክል ምንቕስቓስ ብምዃን ብብዙሓት ዝዝውተር ፍትው ዓውዲ ስነጥበብ'ዩ።

## ኣልማዝ



ክቡርን ኣዝዩ ኣገዳስን ዝኾነ ማዕድን ኣልማዝ ኣባል ቤተሰብ ናይቲ ሰፊሕ ጥቅሚ ዝህብ ካርቦን እዩ። ኣልማዝ ኣብ ርእሲ'ቲ ሓያሎ ኢንዱስትሪያዊ ጥቕምታቱ ንግዳዊ ኣገዳስነትን ጥቕምታትን ውን ኣለዎ። ኣልማዝ ዘይከም ካልኦት ዓይነታት ካርቦን ናይ ሓደ ካብቶም ዝተረሩ ሳብስታንስስ እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኣልማዝ ኣብ ምፍራይ መቐራረጺ ዝኾኑ ናውቲ ንምግልጋል ዝውዕል። ብተውሳኺ ኣልማዝ ኣብ መዳይ ምጽብባቕን ካልእ ኣብ ዝውዕሉ ክቡራት ማዕደን እቲ ዝለዓለ ክብሪ ዘወሃቦ ኮይኑ ዝኸበረ ማዕድን'ዩ።

ተወሰኽቲ ነጥብታት ብዛዕባ ኣልማዝ

- መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ልዑል ጸቕጢ ዘለዎ ቦታታት ይምስርሑ።
- ዓይነታት ኣልማዝ ብዙሓት ኮይኖም ብሕብሪ፣ ጽርየት፣ ቅርጽን፣ ሚዛንን (ካራት) ይፈላለዩ።
- 65 ሚኢታዊት ካብ ጠቕላላ ሽፈነ ኣልማዝ ኣብ ኣፍሪቃ ይርከብ። ሃገራት ሩስያ፣ ካናዳ፣ ኣውስትራልያን ገለ ሃገራት ደቡብ ኣሜሪካን ድማ ዝበዝሐ ክፍል ማዕድን ኣልማዝ ዝርከበለን እየን።
- ኣልማዝ ብዘለዎ ልዑል ጥቕምን ብሉጽነትን ንኣፍረይቱ ብርኩት እቶት ዘኻዕብት ዝረዘን፣ ዝኸበረን ዝበልጸገን ማዕድን'ዩ።

## ፍረታት ሲትሩስ



ፍረታት ሲትሩስ መበቆሉ ሰሜን ህንድን በርማን እዩ፣፣ ኣብዚ እዋንዚ ግን ኣብ ዝበዝሐ ትሮፒካውን ሓውሲ ትሮፒካውን ዞናታት ይበቁል። ብመሰረት ኣብ 2003 ዝተገብረ መጽናዕቲ ኣብ ኤርትራ 2400 ሄክታር መሬት ተዘሪኡ፣ ኣስታት 47,000 ቶን ፍርያት ይህብ። ፍረታት ኣብ ከባቢታት ዞባ ዓንሰባ፣ዞባ ደቡብ፣ ዞባ ማእከልን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ይርከብ። ፍረታት ሲትሩስ ንብዙሓት ዓይነታት ፍሩታታት ዘጠቓልል ክኸውን ከሎ፣ ፍረታት ሲትሩስ ከም ኣራንሺ፣ለሚን፣ መንደሪንን ናርገን ዝኣመሰሉ ቐንድን ተጠቓስቲ ፍሩታት የጠቓልል።

## ብቑዕ ሰብ ንምኳን

- ሓሳብ ድቂ ናይ ተግባር ስለዝኾነ፣ ኣወንታዊ ዕዮ ካብ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝፈሪ ፈሊጥካ ንኣእምሮኻ ብእወታዊ ሓሳባት ቃንዮ።
(ማልኮም)
- ሓንጎልካ ክሓስቦ ክእመን ንዝኽእል ኩሉ ነገር ብዕላማ እንተድኣ ጽዒርካሉ ንግብሪ ክትጭብጦ ትኽእል ኢኻ።
(ናፖሊዮን ሂል)
- ተኽሊ መዓልታት እንተድኣ ደሊኻ ዕንባባ ዝራእ፣ ተኽሊ ዓመታት እንተድኣ ደሊኻ ኣግራብ ዝራእ፣ ተኽሊ ዘልኣለም እንተደሊኻ ግን ኣወንታውን ጥበብ ዝመልኦን ኣተሓሳስባ ዝራእ።
(ቻይናውያን)
- ኣብ ኣካላዊ መትከላትካ ዝኾኑ ከም ኣቐራርባኻ፣ ጠባይካ፣ ኣዘራርባኻ ኮታ ኩለንትናዊ ለውጢ ክትገብር እንተደሊኻ ብመጀመርያ ኣብ ኣተሓሳስባኻ ለውጢ ግበር።
(ቪክቶር ኣማኑኤል)

## ምኽራዊ ዕላል

ሳሚ ወዲ 7 ዓመት ህጻን'ዩ። ኣብ ገዝኦም ዝበረት ናይ መንደቕ ሰዓት 12፡ 10 ተመልክት ነበረት። ሳሚ ድማ ንምምጻእ ኣቡኡ ብሃንቀውታ ይጽበ ነበረ። ምኽንያት መጽበዩኡ ድማ ንሰዓታት ኩሓስቦ ንዘወዓለ ሓሳብ ኑቲ ኣዝዩ ዝፈትዎን ግን ብሰንኪ ጻዕቂ ስራሕ ብዙሕ ዘይረኽቦ ኣቡኡ ንምውካስ'ዩ። ፒተር ወላዲ ሳሚ ኮይኑ ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ ስራሕ ዘሕልፍ ኣዝዩ ህርኩት ሰራሕተኛ'ዩ። ኣብታ መዓልቲ ድማ ኣዝዩ ደኺሙ ናብ ገዝኡ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፣ ሳሚ ኣብ ኣፍደገ ተጸብዩ፣

" ባባ ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ" በሎ

" ሕራይ ዝወደይ እንታይ ነይሩ" ኩብል ወላዲኡ ኩሓቶ ኣፍቀደሉ።

" ንሰዓት ክንደይ ኢኻ ትኽፈል ? "

" ዕስራ ናቕፋ ዝወደይ"

ሳሚ ንመልሲ ኣቡኡ ድሕሪ ምስማዕ፣ " ዓሰርተ ናቕፋ ድኣ ዘይተለቕሓኒ" ብምባል ተወሳኺ ሕቶ ኣቕረበ። ብሕቶ ወዱ ኣዝዩ ዝተቐጠዐ ፒተር ድማ " ኪድ ሰኪፈ ዝ ክትሓትት ኢኻ ግዜይ በሊዕካለይ" ብምባል ኺሒሉ ኣፋነዎ።

ሳሚ ብመገናሕቲ ኣቡኡ ተዳሂሉ ኣብ መደቀሲኡ ብጎያ ብምኻድ ናብ ዓራቱ ተጋደመ። ድሕሪ ዝተወሰና ደቓይቕ ብዘሓበሮ ነድሪ ዝተሓወሶ ዘረባ ዝተጣዕሰ ፒተር ናብ ውላዱ ሳሚ ብምኻድ፣

" ሳሚ ወደይ ይቕሬታ ድሂለካ፣ ንምንታይ ኢኻ ደሊኻዮ፣ ዘይከውን ነገር ክትገዝእ ሓሲብካ ከይትኸውን ኢለ'የ" ኩብል ብትሕትና ተወከሶ።

ሳሚ ድማ ትቕብል ኣቢሉ " ኣይፋልይን ባባ ንካልእ'የ ደልየዮ "

በሎ

" እንካ በል ኣህለዋካ እዘን ዓሰርተ ናቕፋ" ብምባል ኣቐበሎ።

ሳሚ ካብ ኣቡኡ ዓሰርተ ናቕፋ ድሕሪ ምቕባሉ ብቐጸበት ካብ ጅቡኡ ተወሳኺ ዓሰርተ ናቕፋ መሰስ ኣቢሉ ኣውጽኡ። ነዚ ዝተዓዘበ ኣቦኡ ድማ

" ኣታ ቆልዓ ከለካ ኢኻ ተወሳኺ ገንዘብ ደሊኻ" ኩብል ደጊሙ ኣጓጠጠሉ።

ሳሚ ግን ብህድኣት " ኖኖ ባባ እዚ ዓሰርተ ካብ ማማ ዝተወሃብክም'ዩ ፣ ሕጂ እንካ እዘን ዕስራ ናቕፋ ናይ ሰዓት ደሞዝካ'የን፣ በጃኻ ንስራሕ ሓንቲ ሰዓት ደንጉኻ ኪድ ምኽንያቱ ምሳይ ኩተዕልል ስለዝደለኹ" ኩብል ንኩቡዲ ኣቦኡ ዝበልዕ ናይ ናፍቖት ለበዋ ኣመሓላለፈ።

ምንጩ: Family-bond stories.com

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ኤርትራ ወርቂ መዳልያ ወሲዳ

### ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ንጉሰ፡ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 10,000 ሜትር ኮይኑ *



ንጉሰ ድሕሪ ክልተ ቕነ ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም 10,000 ሜትር ኮንቲነንታል ካፕ ንኣፍሪቃ ወኪሉ ክሳተፍ እዩ። ጽባሕ ኣስመራ ክኣቱ ትጽቢት ዝግበረሉ እቲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት፡ ኣብዘን ሒደት መዓልታት ንብቕዓቱ ዘበርኽ ልምምድ ከምዝካይድ ብኣጋኡ ይሕብር።

ብቐድሚ ትማሊ ሞሮኮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር 10,000 ሜትር ደቂ ተባዕትዮ መበል 19 ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ብመገዲ ኣትሌት ንጉሰ ኣምለሶም ወርቂ መዳልያ ወሲዳ። እቲ ኣትሌት ዘርኣዮ ዝነኣድ ብቕዓት ድማ ብብዙሓት ከምተሞጎሰ መርበብ ሓበሬታ ያፍ ኣፍሊጡ።

እቲ ምንጪ፡ "ንጉሰ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2014 ታሪኽ ሰሪሑ" ኣብ ዝብል ጸብጻቡ፡ ንጉሰ፡ ነቲ ርሕቀት ብ28:11.07 ምዝዛሙን ክሳብ ናይ መወዳእታ ርሕቀት ዘርኣዮ ብቕዓት ድማ ኣዝዩ ዝነኣድ ምንባሩን ወሲኹ።

ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ምስ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብቴለፎን ሓጺር ጻንሖት ዘካየደ ንጉሰ፡ እቲ ውድድር ኣዝዩ በሃዲን ልዑል ሙቐት ኣብ ዝነበሮ እዋን ብምኽያዱን ክሳብ መወዳእታ ልዑል ጸዓት ከምዝሓተቶን፡ እንተኾነ ብዝዓቀቦ ሓይሊ ንሞሮኳዊ ኣትሌት ሙስጠፋ ኤል ዓዚዝ ኣብ መወዳእታ ዙርያ በሊጹ ነቲ ክብሪ ክቋደስ ከምዝኸኣሎ ኣረዲኡ።

ሻምፕዮን ሞሮኮ ዝኾነ ሙስጠፋ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ሃገሩን ብደቂ ዓዱን ማሚቑ ውድድር እንተካየደ፡ ኣብ መወዳእታ ንሽኳ ንጉሰ ክጻወር ኣይከኣለን። በዚ ድማ ካብ ንጉሰ ብ29 ንኡስ ካልኢት ድሒሩ ካልኣይ ኮይኑ ውድድሩ ፈጺሙ። ኣብ ውድድር ኮመን ዌልዝ ነሓስ መዳልያ ዝወሰደን ሻምፕዮን ውድድር ጁንየር ዓለም ዝኾነን ኡጋንዳዊ ጆሴፍ በት ድማ ብ28:11.61 ሳልሳይ ኮይኑ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሑ።

ዙርያታት ኣብ ዝሸፈነ ተመሳሳሊ ውድድር 25 ሻምፕዮን ዓለም 2013 ሻሙናይ ዝወጸን 2012 ኣብ ለንደን ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ኦሎምፒክ ድማ መበል 15 ደረጃ ዝሓዘን ንጉሰ፡ ፈላሚ ኤርትራዊ ኣትሌት ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ወርቂ መዳልያ ዘመዝገበ ኮይኑ ኣብ ታሪኽ ክሰፍር ክኢሉ ኣሎ።

መበል 19 ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ኩተማ ማራከች ዝጀመረ ኮይኑ ድሕሪ ጽባሕ ብዝሰላሰሉ ጸወታታት ክዛዘም እዩ። ኣብ ፈላሚ ውድድር ንኤርትራ ወርቂ መዳልያ ዘምጽአ ኣትሌት ንጉሰ ድማ ድሕሪ ሒደት ሰሙንታት ኣብ ተመሳሳሊ ስታድዩም ብያፍ ኣብ ዝእንገድ ውድድር ዋንጫ ኮንቲነንታል ክሳተፍ ምኳኑ እቲ ሳዕለዋይ ተጸዋዲ ኣትሌቲክስ የረድእ። ኣብቲ ካብ መላእ ዓለም ዝተዋጽኡ ሻምፕዮን ዝኾኑ ኣትሌታት ዝሳተፍዎ ውድድር፡ ንጉሰ ንኣፍሪቃ ወኪሉ ክሳተፍ እዩ።

ቅድሚ ሒደት ሰሙንታት ኣብ ቦጎታ - ኮሎምብያ ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ራብዓይ ደረጃ ዝሓዘ ንጉሰ፡ ኣቐዲሙ ንሻምፕዮን ኣፍሪቃ ልዑል ምድላዋት ምኽያዱ ኣብ እዋኑ ምሕባሩ ይፍለጥ። "ኣብ ናይ ሽልማት መድረኽ ከምዝኣቱ ርግጸኛ ነይረ። ክሳብ መወዳእታ ድማ ጥንቁቕ ጸወታ ከርኢ ከምዘለኒ ተረዲአ እየ ናብ ውድድር ኣትየ - ሰሚሩለይ ኸኣ። ኣብ መወዳእታ ምስ ሞሮኳዊ ዝነበረኒ ሕንቕንቕ ኣዝዩ ፈታኒ እዩ ነይሩ። ስለይ ስለዝነኽስኩ ድማ ዓወት ኣመዝጊበ። እዚ ክብሪ'ዚ ንዓይ ዓቢ እዩ" ይብል እቲ ኣብ ሞሮኮ ዝነገሰ ኤርትራዊ ኣትሌት።

ኣብቲ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ውድድር ከም ጆሽዋ ኪፕኬትን ኣዱኛ ተኸለን ዝኣመሰሉ ስሙያት ኣትሌታት ምስታፎም ዝተፈላለያ መርበብ ሓበሬታታት ይቃልሓ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ንጉሰ፡ ኣብ ውድድር 10,000 ሜትር፡ እቲ ዝበለጸ ግዚኡ ኣብ 2012 ዝተመዝገበ ኮይኑ፡ ነቲ ርሕቐት ድማ ብ27:28.10 ዛዚምዎ። ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ውድድር 10 ኪሎሜተር ጽርግያ ንውድድሩ ብ27:56 ዝዛዘማ ድማ እታ ዝበለጸት ኮይና ተመዝጊባትሉ ትርከብ። እዚ ዓመት'ዚ ድማ ኣብ ውድድር 15 ኪሎሜተር፡ 20 ኪሎሜተር ከምኡ ድማ ፍርቂ ማራቶን ብሉጽ ግዚኡ ዘመዝገበሉ ነይሩ። ን15 ኪሎሜተር ብ42:27፡ ን20 ኪሎሜተር ብ56:41 ከምኡ ድማ ንፍርቂ ማራቶን ብ59:39 ዘምዝገቦ ግዜ ናይ ውልቁ እቲ ዝበለጸ ኮይኑ ይርከብ።

** ** **

## ሓጺር ዜና ወጻኢ

**ፈረንሳዊ ተኸላኻሊ ክለብ ፖርቶ - ማንጋላ =** ብ40 ሚልዮን ዩሮ ናብ ማንቸስተር ሲቲ ምሉእ ብምሉእ ምስግጋሩ ቢቢሲ ኣፍሊጡ። እቲ ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ዘካየደ ተጻዋታይ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ኣትሒዙ እዩ ነዚ መስርሕ ምስግጋር ክጽበ ጸኒሑ። እንተኾነ ክልቲኦን ክለባት ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ ብዘይምኽኣለን እቲ መርሕ ክደናጎ ከምዝተገደደ ይግለጽ። "ናብ ሲቲ ምስግጋረይ ሕጉስ እየ። ምስዛ ጋንታ ድማ ጽዋእ ከልዕል ልዑል ባህጊ ኣለኒ። ልዕሊ ኹሉ ግን ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ እቲ ዝዓበየ ሊግ ካብ ዓለም ብምዃኑ ኣብዚ ዝህልወኒ ጽልዋ ኣብ ጉዕዞይ ኣዝዩ ከገድሰኒ እዩ" ይብል ማንጋላ። እቲ ተኸላኻሊ ምስ ቪንሰንት ኮምፓኒ ብምዃን ድማ ድልዱል መስመር ምክልኻል ከቕውም ብማን ሲቲ ትጽቢት ተነቢሩሉ ይርከብ። ማን ሲቲ፡ ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ሽዱሽተ ተጻወትቲ ኣፈሪማ ኣላ። ሳኛ፡ ፈርናንዶ፡ ካባሌሮ፡ ላምፓርድን ዙኩሊኒን እቶም ኣቐዲሞም እግሮም ዘንበሩ ተጻወትቲ እዮም።

**ሎሚ ምሸት ሪያል ማድሪድ ምስ ሰቪያ =** ኣብ ካርዲፍ ግጥም ሱፐር ካፕ ከካይዳ እየን። ኣብዚ ግጥም ሪያል ማድሪድ ብብቕዓት ሮናልዶ ኣዝያ ተሻቒላ ምህላዋ ይግለጽ ኣሎ። ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ውሑስ ዘሎ ሮናልዶ፡ ኣብታ ጋንታ ኣብ ግዜ ልምምድ ብዘርእዮ ዘሎ መጠኑ ዝኸየ ብቕዓት ንሓለፍቲ እታ ክለብ ኣሻቒሉ ምህላው ይሕበር። ዝተፈላለየ ጽዋእ ምስ ክለቡ ዘልዓለ ሮናልዶ፡ እዚ ጸወታ ሱፐር ካፕ ናይ መጀመርታኡ ከምኡ እውን ነዛ ዋንጫ ክዕትር ልዑል ባህጊ ከምዘለዎን ይግለጽ። ኣብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ምስ ፖርቱጋል ዝተሳተፈ ሮናልዶ፡ ክለቡ ኩተካይዶ ኣብ ዝጸንሐት ዑደት ቅድመ ምጅማር ዓመተ ስፖርት ደንገዩ ናብ ልምምድ ምቕራቡን ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ድማ ንኣስታት 17 ደቒቕ ጥራይ እዩ ኣብ ሜዳ ተራእዩ።

**ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም =** ኮምዩኒቲ ሽልድ፡ ኣርሰናል ንማንሲቲ 3ብ0 ብምርታዕ ነታ ናይ ክብሪ ሽልማት ኢዳ ኣንቢራትላ።

## ዓመተ ስፖርት ኵዕሶ እግሪ 2013/'14 ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

### ኣስመራ ቢራ ጎብለል ኮይና

ዓመተ ስፖርት ኵዕሶ እግሪ 2013/14 ዞባ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብዝተኻየዱ ግጥማት ፍጻመን ምዕዳል ሽልማትን ተዛዚሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ጎብለል ናይቲ ዞባ፡ ተዓዋቲት ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ዝኾነት ኣስመራቢራን ሻምፕዮን ናይቲ ዞባ ገዛባንዳን እየን ግጥም ካልኣይ እግሪ ኣካይደን። ኣብ ቀዳማይ እግሪ 1ብ0 ዝተዓወተት ኣስመራ ቢራ፡ ኣብቲ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ጸወታ ኣብ መበል 10 ደቒቕ ብመገዲ መርሃዊ ኣስመላሽ መሪሕነት ሓዚት። እዛ ሸቶ ንተጻወትቲ ገዛባንዳ ናብ ሓያል ጻዕሪ ዘእተወት ነበረት። ኣብ መበል 16 ደቒቕ ድማ ብመገዲ ኣማኑኤል ደምሳስ ማዕረ እትገብራ ሸቶ ረኺበት። እንተኾነ ኣስመራ ቢራ ድሕሪ ክልተ ደቒቕ ካልኣይቲ ሸቶ ብመገዲ መርሃዊ ኣስመላሽ ብምርካባ መሪሕነታ መለሰት። ጸወታ ድማ ብመሪሕነት ኣስመራ ቢራ 2ብ1 ናብ ዕረፍቲ ኣቕንዐ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣስመራ ቢራ ኣብ መበል 83 ደቒቕ ንሚልክያስ ገብረዮውሃንስ ብቐይሕ ካርድ ከሰረት። ገዛባንዳ ደፍኣት ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ድማ ብቶማስ ሳሙኤል ሸቶ ኣመዝገበት። እንተኾነ ጎብለል ክትኸውን ኣይከኣለትን። ኣስመራ ቢራ ጎብለል ኮነት።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ መንጎ 10 ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ኣብ ዝተኻየደ ቅልስ፡ ጋንታታት ማይተመናይን ሲቲሰንተርን እየን ንገዛባንዳ ስዒበን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃታት ሒዘን። ገዛባንዳ ዋንጫ ጠባይ ክትወስድ እንከላ፡ ተጻዋታይ ዕዳጋ ሓሙስ ኣማኑኤል ሳሙኤል ከምኡ ድማ ናይ ኣርባዕተ ኣስመራ ኣሚናዳብ ብስራት ነፍስ ወከፎም ተተሸዓተ ሸቶታት ብምቑጻሮም ናይቲ ውድድር ብሉጻት ኣመዝገብቲ ሸቶ ኮይኖም። ነፍስ ወከፎም ድማ 3,000 ናቕፋ ወሲዶም።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ዝኾና ሰረጀቓን ፓራዲዞን እየን ገጢመን። ክልቲአን ጋንታታት ድማ 2ብ2 ብዝኾነ ውጽኢት ተፈላልየን።

ፓራዲዞ፡ ብመገዲ ናሆም ሓድጉን እስማዒል ጅምዕን ቅድምን ድሕርን ዕረፍቲ ሸቶ ከተመዝግብ እንከላ፡ ሰረጀቓ ድማ ካብ ተስፋሚካኤል ኣስገዶምን ብርሃነ መሓሪን ሸቶታት ኣቑጺራ።

ኣብ መንጎ 11 ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ሻምፕዮን፡ ጋንታ ሰረጀቓ፡ ፓራዲዞን ብድሆን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺአን። ዝተዓለወለን ናይ ዋንጫን መዳልያን ሽልማት ድማ ተቐቢለን። ምምሕዳር ፓራዲዞ ናይ ጠባይ ዋንጫ ክትዓትር እንከላ፡ ተጻዋታይ እታ ጋንታ ዝኾነ ዮሃና ተኽላይ ድማ 24 ሸቶታት ብምምዝጋቡ ናይ ገንዘብ ሽልማት ተቐቢሉ።

ብተመሳሳሊ ኣብ መንጎ 14 ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ሻምፕዮን ኸኣ በሪኽ፡ ገዛባንዳን ገጀረትን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጻ ጋንታታት እየን። ገጀረት ናይ ጠባይ ዋንጫ ክትወስድ እንከላ ናርዶስ ዘካርያስ ድማ ብብዝሒ ሸቶታት ብልጽቲ ኣመዝጋቢት ሸቶ ኮይና ገንዘባዊ ሽልማት ተበርኪቱላ።

** ** **





## ሓጺር ዜና ወጻኢ

**ዳይረክተር ክለብ ኢንተር ሚላን ፔሮ =** ኣውሲሎ፡ ክለቡ ንኣጥቃዒኣ ማውሮ ኢካርዲ ንዝተሰልዐ 25 ሚልዮን ዩሮ ከምዘይትቕበሎን እቲ ተጻዋታይ ድማ ናብ ዝኾነት ክለብ ከምዘየቕንዕን ኣፍሊጡ። እቲ ናይ ቅድም ኣጥቃዒ ክለብ ባርሴሎና ነበር፡ መስከት ምስግጋር ተጻወትቲ ካብ ዝኸፈት ብክለባት ኣትሌቲኮ ማድሪድን ሊቨርፑልን ክህደን ጸኒሐን ኣለዋ። እታ ኢጣልያዊት ክለብ ግን እቲ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ኣዝዩ ከምዘገድሳን ናብ ካልእ ክለብ ኩተፋንዎ ከምዘይትደልን ተነጽር። ክሳብ 2018 ኣብ ኢንተር ክጸንሕ ውዕል ዘለዎ ኢካርዲ፡ ካብ ሳምፕዶርያ እዩ ዝሓለፈ ዓመት ተሰጋጊሩ። ብዘርኣዮ ዝነኣድ ብቕዓት ድማ ኣብ ስታድዩም ጁሰፐ ሜዛ ቀዳማይ ተመራጺ ክኸውን ግዜ ኣይወሰደን። ኣብ 22 ጸወታታት ትሽዓተ ሸቶታት ብምቑጻር ድማ ስሙ ከሊዑ ንረኽበ።

**ብ15 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኣርሰናል ናብ =** ባርሴሎና ዝተሰጋገረ ቶማስ ቨርማለን ብሰንኪ ኣብ ግጥም ዋንጫ ዓለም ዝገጠሞ ማህሰይቲ ኣብ ቀዳሞት ጸወታታት ክለቡ ናይ ምርካቡ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ምዃኑ ተሓቢሩ። ሃገራዊት ጋንታ በልጁም ኣብ ልዕሊ ሩሲያ 1ብ0 ኣብ ዝተዓወተትሉ ግጥም ማህሰይቲ ዝገጠሞ ቨርማለን፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ኣብ ግጥም ኣይተሳተፈን። እቲ ወዲ 28 ዓመት በልጁማዊ፡ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት 21 ጸወታታት ጥራይ እዩ ኣካይዱ። ኣብተን ጸወታታት ድማ ኣታዊን ወጻኢን ዝኾነ ብቕዓት እዩ ኣርእዩ። ብተወሳኺ እውን ማህሰይቲ ይገጥሞ ምስ ምንባሩ ቦታኡ ብመተሳከር ከምኡ እውን ኮሸንሊ ይብሉኦት ነበረ።

**ናብ ቸልሲ ዝተመልሰ ዲደር ድሮግባ፡ ኣብዚ =** ሳልስቲ'ዚ ክለቡ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ምሕዝኖት ኣንጻር ፈረንክቫሮቭ ማህሰይቲ ከምዝገጠሞ ተሓቢሩ። እቲ ኣይቮርያዊ ኣጥቃዒ፡ ኣብቲ ግጥም ንፍርቂ ሰዓት ጥራይ እዩ ተጻዊቱ። ምስ ቶረስ ዝተላፈነ ድሮግባ፡ ሓንሳብ ናብ ልዳት ኣንጻር ጋንታኡ ኵዕሶ ክልእኽ ተራእዩ። ሎሚ ምስ ሪያል ሶሴዳድ ግጥም ምሕዝኖት ሰሪዓ ዘላ ቸልሲ ነቲ ወዲ 36 ዓመት ኣይቮርያዊ ከምዘይተሰልፎ፡ ሓኪይማ ድማ ኣብ ቀዳሞት ግጥማት ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ከርክብ ይኽእል ምህላዎም ኣፍሊጣ።

ዜና ሰላም

ብርሃን ምሕረትኣብ

# ቢልዮናት ኪ.ሜ ዝተጓዕዘት መንኮርኮር ጠፈር

ብትካል ጠፈር ኤውሮጳ ዝተሰርሐት ሰብ ኣልቦ መንኮርኮር 6.4 ኪ.ሜተር ተጓዒዛ ኣብ ሸቶኣ ከምዝበጽሐት ንክኢላታት'ቲ ትካል ብምጥቃስ ቢቢሲ ሓቢሩ።

እታ "ሮሰታ" ዝተሰምየት መንኮርኮር ጠፈር ነዚ ኣብ ውሽጢ ስርዓተ-ጸሓይ ኢና ቀዚዝና ተሪፍና" ብምባል በታ መንኮርኮር ዝለኣኽ ዘሎ ሓበሬታ ዓቢ ኣድላዩነት ከምዘለዎ እቶም ክኢላታት ኣረዲኦም።

እታ መንኮር ኣብ ዙርያ'ቲ በዓል-ጭራ ኮኾብ(ኮመት) እናተሓምበበት ንምርምር ዘገድስ ሓበሬታ ትልእኽ




ዘካየደቶ ነዊሕ ጉዕዞ ኣብ 10 ዓመት'ያ ሸፊናቶ። ኣብታ "67-ፒ" ብዝብል ኮድ እትጽዋዕ በዓልቲ-ጭራ ኮኾብ ብምብጻሕ ድማ ኣገደስቲ ሓበሬታ ክተመሓላልፍ ምጅማራ ትካል ጠፈር ኤውሮጳ ገሊጹ።

"እታ መንኮርኮር ነዊሕ ርሕቀት ተጓዒዛ፡ ንጹር ስእልታት ክትሰድድ ምጅማራ ንትካል ጠፈር ኤውሮጳ ዓቢ ዓወት'ዩ" ብምባል ክኢላታት ናይቲ ትካል ሓቢሮም። "እትልእኮ ዘላ ሓድሽ ስእሊ ምስረኣና ኣፍና ከፊትና ምህላዋ ድማ ይሕብሩ። እቲ በዓል ጭራ ኮኾብ ኣርባዕተ ኪሎሜትር ጎኒ ኣለዎ። እታ መንኮርኮር ኣማሲያኣ ኣብቲ በረድ መሰል ኣካል'ቲ ኮመት ብምዕላብ ጽኡይ ሓበሬታ ክትእኩብ ትጽቢት መደብ ከምዘለዎም ክኢላታት ጠፈር ኤውሮጳ ኣፍሊጦም።

ትካል ጠፈር ኤውሮጳ፡ ደድሕሪ ትካላት ምርምር ጠፈር ኣመሪካን ሩሲያን ዝሰርሖ ኮይኑ ኣቐዲሙ ሰብ-ኣልቦ መንኮርኮር ናብ ህዋ ከምዘወንጨፈ ይፍለጥ።

# "ፈውሲ ኢቦላ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣይንጸበ" ክኢላታት




ኣብ ሕማም ኢቦላ ምርምራት ዘካይዱ ዘለዉ ክኢላታት ሕክምና፡ ነቲ ሕማም ንምፍዋስ ዝዳሎ መድሃኒት ገና ኣብ ናይ ፈተነ መድረኽ ስለዝርከብ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ብቑዕ መድሃኒት ክወጽእ'ዩ ዝብል ትጽቢት ከምዘየለ ሓቢሮም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃቡዎ መብርሂ፡ ነቲ ሕማም ዝፍውስ መድሃኒት ንምርካብ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ፡ እንተኾነ ዛጊት ዘተስፉ ኣንፈታት ተረኺቡ ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ኣጸጋሚ ከምዝኾነ ገሊጾም።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝላባዕ ዘሎ ሕማም ኢቦላ፡ ዛጊት ፈውሲ ይኹን ክታበት ዘይብሉ ቀታሊ ሕማም'ዩ።

እቲ ሕማም ምስ ግዳይ ብዝህሉ ኣካላዊ ምትንኻፍ ክሓልፍ ስለዝኽእል፡ ቡቲ ሕማም ንዝተለኽፉ ግዳያት ኣብ ምእላይ ኣጸጋሚ ኮይኑ ምህላዉ ሓካይም ይገልጹ።

ኣብ ሃገራት ላይበርያ፡ ጊኒ፡ ሰራልዮንን ናይጀርያን ዛጊት 930 ሰባት ብሕማም ኢቦላ ከምዝሞቱ ጸብጻባት ሕክምና ናይተን ሃገራት የመልክት።

መንግስቲ ላይበርያ፡ ብሰንኪ'ቲ ሕማም ህጹጽ ድንጋገ ኣዊጁ ምህላዉ ይፍለጥ። ኩሉ ዓቕሚ'ታ ሃገር ድማ ነቲ ቀታሊ ሕማም ንምግታእ ክቐንዕ ኣዚዙ'ሎ። ለበዳ ናይቲ ሕማም በዚ ዘለዎ እንተቐጺሉ ንህላውነት ላይበርያ ዘስግእ ምዃኑ'ዩ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ኤለን ጆንሰን ሰርሊፍ ተጠንቒቓ።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ 1711 ግዳያት ቡቲ ሕማም ከምዝተታሕዙ ተረጋጊጹ። ቡቲ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ 90 ሚእታዊት ክሞቱ እንከለዉ፡ እቶም 10 ሚእታዊት ግን ክድሕኑ ይኽእሉ።

ጠንቂ'ቲ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ፡ ኣብ ደም፡ ምራቕን ረሃጽን ናይ ግዳይ ከምዝጸንሕን ብመናፈት ቁርበት ኣቢሉ ናብ ጥዑይ ሰብ ክሰግርን ከምዝኽእልን፡ ብዘይ ፍሉይ መከላኸሊ ልብሲ ምስ ግዳያት ዝግበር ኣካላዊ ርክብ ነቲ ሕማም ዘቃልዕ ብምዃኑ ዝኾነ ኣባል ሕብረተሰብ ምልክታት ኢቦላ ምስዘርኣየ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ ምትንካፉ ተጠንቂቑ ናብ ሕክምና ምውሳዱ ተመራጺ ምዃኑ ክኢላታት ሕክምና ይመኽሩ።

# ኢራን፡ ብሓደጋ ነፋሪት 48 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኢራን ብዘጋጠመ ሓደጋ ነፋሪት 48 ሰባት ከምዝሞቱ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ፡ ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ ተሳፈርቲ ብምሉኦም ከምዝሞቱ ተረጋጊጹ።

እታ ንእሽቶ ተሳፈርቲ ዝሰዓበ ክኸውን ከምዝኽእል ኣፈናዊ መርመራ ኣመልኪቱ።

ኣብ ኢራን ሓያሎ ኣረገውቲ ነፈርቲ ተሳፈርቲ ኣብ ምምልላስ ይሰርሓ ምህላወን'ዩ ዝግለጽ። እዚ ድማ ጠንቂ ሓደጋ ይኸውን ምህላዉ ክኢላታት'ታ ሃገር




እተመላልስ ነፋሪት ካብ ከተማ ተሄራን ውጽእ ኢልካ ኣብ ዝርከብ መንበሪ ከባቢ'ያ ወዲቓ። እታ ነፋሪት ናብ ምብራቓዊት ከተማ ታባስ ተበጊሳ ምንባራ ሰብ መዚ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ኣብ ምጽራይ'ኳ ዝርከብ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ጉድለት ብቑዕ ጽገና ሓቢሮም።

ኢራን ቅድሚ'ቲ ብ1979 ዝተኻየደ እስላማዊ ሰውራ ዝገዝኣተን ነፈርቲ ገና ኣብ ስራሕ ከምዝርከባን እቲ ክፍሊ ካብ ዝምስረት ዛጊት 200 ሓደጋታት ነፈርቲ ከምዘጋጠመን ጸብጻባት ክፍሊ ኣቭየሽን'ታ ሃገር የመልክት።

# ዜና ብሓጺሩ

ዒራቕ ኣብ ሓድሽ ፖለቲካዊ ወጥሪ ኣትያ ከምዘላ ቢቢሲ ሓቢሩ። ኣብ ባይቶ'ታ ሃገር ዓብላሊ መናብር ዘለዎ ንሰልፍታት ሰዓብቲ ሽዓ ዝጥርንፍ ጽላል፡ ንቐዳማይ ሚኒስተር ኖሪ ማሊኪ ዝትክእ ሕጹይ ድሕሪ ምምራጹ፡ እሙናት ወተሃደራት ማሊኪ ንኣገደስቲ ክፋላት ዒራቕ ከምዝተቖጻጸርዎ እቲ ዜና ኣመልኪቱ።

ኖሪ ማሊኪ፡ ንሳልሳይ ግዜኡ ናብ ምርጫ ናይ ምቕራብ ድሌት ከምዘለዎ'ዩ ዝገልጽ። እንተኾነ ኣብታ ሃገር ዘለዋ ሰልፍታት ሱናን ኩርድን እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ካብ ስልጣኑ ክወርድ'የን ዝጽውዓ።

***

ኣብ መንጎ ፍልስጤማውያንን እስራኤላውያንን ሓድሽ ዘይቀጥታዊ ዝርርብ ሰላም ተኸፊቱ። እቲ ኣብ ምስሪ ተጀሚሩ ዘሎ ዝርርብ፡ ነባሪ ፍታሕ ዝዓለመ ምዃኑ ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ተዛተይቲ ምግላጾም ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ። ኣብ መንጎ እስራኤልን ንወሽመጥ ቓዛ ዘመሓድር ዘሎ ምንቅስቓስ ሓማስን ናይ ሰለስተ መዓልቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ተገይሩ ምህላዉ ካብቲ ከባቢ ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ። እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዛጊት ብኽልቲኦም ወገናት ከምዘይተጣሕሰ ብተወሳኺ እቲ ዜና ሓቢሩ።

እስራኤል ካብ 8 ሓምለ ጀሚራ ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ክተካይዶ ኣብ ዝጸንሐት ደብዳብ፡ ኣስታት ክልተ ሽሕ ፍልስጤማውያን ከምዝተቐትሉ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

***

ተቓናቐንቲ ወገናት ደቡብ ሱዳን ዝኸተምዎ ስምምዕ ሰላም ተጣሒሱ። ብመሰረት ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ፡ ክልቲኦም ወገናት ሓድነታዊ መንግስቲ ንምምስራት'ኳ እንተተሰማምዑ፡ ኣብቲ ዝተወጠነሉ ግዜ ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ግን ኣይከኣሉን። ንሳቶም ብ9 ግንቦት ፕረዚደንት ደቡብ ሱዳን ሳልቫ ኪርን መራሒ ዕጡቓት ተቓወምቲ ሬክ ማሻርን ካብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝተዋጽኡ ሓድነታዊ መንግስቲ ክምስረት ከምዝተሰማምዑ'ዩ ዝጥቀስ። ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ተግባር ክሳብ ዘውዕል ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም ተቓናቐንቲ ወገናት እገዳ ክውሰን ምዃኑ'ዩ ዘጠንቀቐ ዘሎ።